# ህዝባዊ ደሞክራሲ

## ኣብ ወወርሒ ዝሕተም ወግዓዊ ልሳን

## ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ

## (ደግሓኤ)

## ትሕዝቶ


**ርእሰ-ዓንቀጽ፡** **ገጽ**

1. “ንምክት ንሰጉም” ዝብል ናይ ህግደፍ መደናገሪ……………………………….. 02
2. ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ካብ ዝሓመቐ ናብ ዝኸፍአ …………………………………. 04
3. ትርጉም ነጻነትን ሓርነትን ነጻጺልካ ብምቕራብ …….ግጉይ ትርጉም………….. 07

**ዓምዲ ደብዳቤታት፡**

ሀ. ብመንገዲ ህግደፍ ዝግበር ወፈያ ንህግደፍ ይጠቅም፡ ብመንገዲ … ዝግበር…….. 10

ለ. “ወያነ ዝሓዞ መሬትና ከነምልሶ ኢና” ዝብል ናይ ህግደፍ ቴማ………………… 12



**ቅጺ፡ 06፡ ቁ፡ 30** **ሓምለ፡ 2020**



E-mail:- hidemocrasi@yahoo.com

## “ንመክት ንሰጉም” ዝብል ናይ ህግደፍ መደናገሪ ጓንጓ ጭርሖ፡

## ኣብ ቁጠባዊ ምዕባለ ሃገርና ይኹን ምርግጋእ ዞባና ዘበርክቶ ቁም-ነገር የብሉን፡

*ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ውሽጢ'ዚ ዝሓለፈ ሓደ ዓመትን ፈረቓን፡ ሚስጢራዊ ዘተ ሰላም ኤርትራን ኢትዮጵያን ከውሊ ብምግባር፡ ተለኣኣኺ ባህርያቱ ብዝዓደሎ ተውህቦ ብምጥቃም፡ ካብ ለኣኽቱ ዝተፈላለየ ደገፋት ብምርካብ፡ ንዝተዳኸመ ስርዓቱ ክጸጋግን እናፈተነ ናይ ጭቆና መሓውራቱ ዳግም ክሰርዕን ከመዓራርን፡ ህዝብን ሃገርን ናብ ኣንፈተ ሃገራዊ ሰራዝነት ክምርሖን፡ ናይ ከባቢና ፈተውቲ ህዝብታትን ሃገራትን ሰላምን ምርግጋእን ንምዝራግ ብዘለዎ ዓቕምን ክእለትን ክሰርሕ እዩ ጸኒሑ። ሕጂ'ውን እንተኾነ ነዚ ብከፊል ዝተጠቕሰ ኩሉ መዳያዊ እከይ ተግባራቱ ኣጠናኺሩ ንምቕጻል ብ “ንመክት ንሰጉም” ዝብል ስምዒት ዝዕድም፡ ግን ካኣ ንጹር ዕላማን ዕማምን ዘይብሉ ዝተሸፈነ ጭርሖ እናስመዐ፡ እቶም እናፈጸሞም ዝመጸ ጸረ-ህዝብታትናን ሃገርናን ፈተውትናን ጎረባብትናን ዝኾኑ ኣፍረስቲ ተግባራት እናፈጸመ ዕድመ ፖለቲካዊ ስርዓቱ ንምንዋሕ ላዕልን ታሕትን ኣብ ምባል እዩ ዝርከብ ዘሎ።*

*መንግስቲ ህግደፍ እንታይ እዮም እቶም ከም መኸተ ወሲዱ እናመከቶም ክሰጉም ዝርእዮም ዘለዉ ግድላትን ብደሆታትን ብግልጺ ዘቐመጦም ኣይኮኑን። ይኹን'ዳኣምበር ካብ ባህርቱን እናኣካዶም ዝመጸ ጽግዕተኛ መደባቱን ኣንፈቱን፡ ናይ ምትንኳልን ምኽድዳዕን መደባቱን ድሌቱን፡ ድሌት ናይ ቀረባን ርሑቕን ለኣኽቱን መወልቱን ብምብጋስ፤ ከም መኸተ ዘድልዮም ገይሩ ብሕልንኡ ዝስእሎም ዘሎ ዕላማታትን መደባትን ብንጹር ምፍላጥን ምቕማጥን ይካኣል እዩ። ገለ ካብቶም እናመከትኩ ክሰጉም እየ ዝብሎም ዘሎ ግጡማት ነጥብታት ንምጥቃስ ዝኣክል፡-*

*. ንህዝብታትና ብስም “ንመክት ንሰጉም” ዝብል ዝተለምደ መደናገሪ ጭርሖ እናቃለሐ፡ ኣብ ከባቢና ተስፋ ዝህብ ፖለቲካዊ ኩነታት ይምዕብል ከም ዘሎ ብዘምስል ብምስባኽ፡ ካብዚ ዝምዕብል ዘሎ ሓድሽን ጠቓምን ተርእዮ ንድሕሪት ከይንተርፍ ምስ ናይ ከባቢና ህዝብታትን ሃገራትን ተዛሚድና ብምስራሕ ረብሓና ክነረጋግጽ ምእንቲ ካብ ካልእ ግዜ ንላዕሊ ተወዲብና ክንቃለስ ኣለና። ካብዚ ከባብያዊ ሓባራዊ ስራሕ ክርከብ ዝኽእል ኩሉ መዳያዊ እቶት /ሓገዛት/ ሃገራዊ ልምዓትና ክንድርዕን ተጠቀምቲ ክንከውንን ኢና ዝብል ዝተለመደን ዝነደየን ፕሮፓጋንዳዊ ወፍሪ ከካይድ ስለ ዝደለየ እዩ።*

*በዚ ኣጉል ሸርሒ'ዚ ኣቢሉ ድማ፡ ህዝብታትና ብከምቲ ዝተለምደ ሰጊኦም ኩሉ-መዳያዊ ወጽዐኦምን ጸገሞምን ንምፍታሕ ክገብርዎ ዝግበኦምን /ዝገብርዎ ዘለዉን/ ቃልሲ ክተኣንጎልን ክድብዝዝን ዝገብር ፖለቲካዊ ኩነታት እናፈጠረ፡ ናይ ህዝብታትና ቀልብን ሃምን ናብ ግዳማዊ /ከባብያዊ/ ኩነታት ክቐንዕን ክዕፈንን ብምግባር፡ ናይ ጭቆና መሓውራቱ እናጸጋገነ ጭቆናዊ ተግባራቱ ኣጠናኺሩ ንክቕጽልን ናብ ልዕሊ ህዝብታትና ዝተለመደ ኩሉ መዳያዊ ኣዕናዊ ተግባራት ክገብር ከም ዘለዎ ዝሓዞ መደባት ኣለዎ እዩ።*

*. ኣብ ከባቢና ዝረኣዩ ዘለዉ ፖለቲካዊ ጸገማት፡ ብውልቁን ብሓገዝ ለኣኽቱን እናሓንከረ ናይ ከባቢና ሃገራት ሰላምን ምርግጋእን ዝምደናን፡ ውሽጣዊ ጸገማተን ብግቡእ እናኣመሓደራ ፖለቲካዊ ሂወተን ብግቡእ ከይመርሓ ንምግባር፡ ናይ ምትንኳልን ዝርገትን ስራሓት ምክያድ፡ ንኣብነት ኣብ ኢትዮጵያ ሓላፊ ብምምሳል ዘካይዶ ዘሎ በዓል ድርብ ተልእኾ ዕማም ብምሓዝ ጠብሎቕሎቕ ምባልን፡ ካልእ ሓላይን ኣተዓራቕን እናተመሰለ ናብ ሱዳንን ሱማልያን ካለኦት ሃገራትን ዘቕነዐ ኣሉታዊ ጥሙሓቱ ንምርግጋጽ ዝፍጽሞም ዘሎ ምትንኳላትን ብጭቡጥ ምጥቃስ ዝካኣል እዩ።*

*. ኣብ ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪቃ ዝጸንሐ ተዛማዲ ጽቡቕ ዝምድናን ሰላምን፡ ክዘለቕን ክዝረግን ብምግባር ንጠቕሙን ጠቕሚ ናይ ቀረባን ርሑቕን ለኣኽቱን ዝረብሕ ኩነታት ንክፍጠር ምጽዓር፡ እዚ ማለት ካኣ ኣብዘን ናይዚ ከባቢ ሃገራት ሓድሽ ፖለቲካዊ ምቅይያራት ክተኣታቶ መታን ክካኣል፡ ወግሐ-ጸብሐ ብልዑል ደገፍ ናይ መወልቱ ናይ ምርብራብ ስራሕቲ ብቐጻሊ ምክያድ እዩ።*

*. ነቲ ኣብ ከባቢ ቀይሕ ባሕርን ምብራቕ ኣፈሪቃን ዝነጣጠፍ ዘሎ ሓድሽ ኣሰካፊ ፖለቲካዊ ንጥፈታት፡ ከም ጽቡቕ ኣጋጣሚ ብምውሳድ፡ ምስ ዝተፈላለዩ ዓቕምን ተሰማዕነትን ዘለዎም ናይ ግዳም ሓይልታት ብምርኻብ ብቐዕ ተለኣኣኺ ሓይሊ ኮይኑ ንክምረጽን ቅቡልነትን ተኣማንነትን ንክረክብን፡ ፖለቲካውን ቁጠባውን፡ ወተሃደራውን ጸጥታውን መሓውራቱ ዳግም ብምውዳብ ንከጠናኽር ዝሕግዞ ኩሉ-መዳያዊ ደገፋት ንምርካብ ኣብ ናይ ዝተፈላለዩ መወልቲ /ዓሰብቲ/ ስርዓታት ኣፍደገ ብምጽናዕ ሕብሩ እናቐያየረ ከም ሓደ ስትራተጂ ወሲዱ ብዘይምቁራጽ ንምስራሕን እዩ።*

. ኣብ ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ ብህዝቢ ዝምረጹን ብቕዋም ዝምርሑን ኣብ ብሕጊ ዝተወሰነ ግዜ ምርጫ ዘካይዱን ደሞክራስያውያን ስርዓታት ንከይህልዉ፥ ብኣንጻሩ ከምኡ ዝኣመሰሉ መለኽቲ ኣሃዳውን ስርዓታት ክህልዉ ዓቲቡ ክሰርሕ እዩ ዝምርጽ። ናይዚ ባህሪኡን ዕላምኡን ብኣብነት ንምጥቃስ ዝኣክል እቲ ኣብ ኢትዮጵያ ፈታዊ ተመሲሉ፡ ሕብረ-ብሄራዊ ፌደራላዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ንክፈርስን ኣብ ኢትዮጵያ ሃገራዊ ምርጫ ክይካየድን ዘካይዶ ዘሎ ግሁድ ምትንኻላት እኹል ምስክር እዩ።

.ንእስትራተጂካዊ /ክሳዳዊ/ ኣቐማምጣ ሃገርናን ባሕርናን ክም ጽቡቕ መስሕብ ናይ ግዳም ሓይልታት ብምጥቃም፡ ኣብ ኣፍሪቃ ብሓፈሻ፡ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ካኣ ብፍላይ ረብሓ ንምርግጋጽ ዝብህጉ ዝተፈላለዩ ዓሰብቲ ስርዓታት ብቀጻሊ እናፈተሸን እናቀያየረን፡ ዝያዳ ተፈላጥነትን ጠቐምን ንክረክብ ምስ ናይ ከባቢና ባሕርን ወደብን ዘለወን ሃገራት ኣብ ዘየቋርጽ ሕሱም ህልኽን ውድድርን ብምእታው፡ ልዑላውነትን ክብርን ናይ ሃገርናን ህዝብታትናን ንምርኻስን ንሓደጋ ብምስጣሕን ምስራሕ ወዘተ ዝኣመሰሉ መደባት ንምዕዋትን ብውጽኢቶም ንምጥቃምን ምርብራብ እናኣካየደ ክስጉም ንሃገርናን ህዝብታትናን ጭቡጥ ፋይዳ /ጥቕሚ/ ዘይብሎም፡ ብኣንጻሩ ዝጎድኡን ዘዳኽሙን መደባት ክሰላስል ባህርያዊ እዩ።

ካብዚ ወጻኢ ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ብባህርያቱ ይኹን ዕላማታቱ ንህዝብን ሃገርን ዝጠቕሙ እስትራተጂታት ናይ ሰላም፡ ደሞክራስን ልምዓትን ዘረጋግጹ ስለ ዘይኮኑ፡ ካብ ናይ ህውከት፡ ዓመጽን ህልቂትን ዕንወትን ተግባራት ምኽያድ ወጻኢ ህዝብን ሃገርን ክሃንጽን ክጠቅምን ብፍጹም ኣይክእልን እዩ። ዝኽእል እንተዝኸውን ነይሩ ኣብ ዝሓለፉ 29 ዓመታት ህዝብታትና ኣብ ዓዘቕቲ ህውከት፡ ህልቂትን ብርሰትን ኣይምተሸሙን፡ ተካኢ ወለዶኦም /መንእሰይ/ መፈጠሩ ጸሊኡ ናብ ሕሱም ስደትን መከራ-ስደትን ኣይምወሓዘን ኣይምተሳጠሐን፡ ስድራ-ቤታት ኤርትራ ብዘይደጋፍን ሓብሓብን ተሪፈን ኣይምተጸገማን ኣይምተበታተናን፡ ህዝብታትና ብኩሉ-እንትነኦም ናብ ሕሱም ስእነትን ድኽነትን ሕማምን ዓጸቦን ሞትን ኣይምተሳጥሑን፡ ኣብ ሰላምን ርግኣትን ልምዓትን ዘይብላ ተተስፍያ ዝተዓንጸለት ብጽሞናን ተነጽሎን እትሳቐ ሃገር ኮይኖም ሕሱም ሂወት ክመርሑ ኣይምተገደዱን።

መንግስቲ ህግደፍ ግን ጸረ-ህዝብን ደሞክራስን ሃገርን ስለ ዝኾነ፡ ሕጂ'ውን እንተኾነ እቲ ዝመጾ ኩሉ-መዳያዊ ኣዕናዊ ኣተሓሳስብኡን ተግባራቱን ስለ ዘይተለወጠ /ክልውጥ'ውን ስለዘይክእል/ ህዝብን ሃገርን ምፍራስ ብዝኸፍአ መልክዑ ክቕጽል ግድን ስለ ዝኾነ፡ ህግደፍ ዝጨረሐ እንተጨረሐ ዝኾነ መብጽዓ እንተኣተወን ካብ ግዜ መሽመትን መደናገርን ሜላ ምኻን ሓሊፉ ኣብ ህዝብታትናን ሃገርናን ቅንጣብ እትኣክል ኣወንታዊ ኣስተዋጽኦ ከምጽእ ዝኽእል ኣይኮነን። ናይ ህግደፍ መብጻዓታትን መግለጺታትን ኣብ ግብሪ ዝውዕል እንተዝኸውን ነይሩ፡ ክንዳይ ግዜ "ናይ ልምዓት መደባት ሓንጺጽና ኣለና ብምግቢ ርእስና ክንልን ንሰደድ ክንልእኽ ክንበቅዕ ኢና፡ ኤርትራ ናይ ቀርኒ-ኣፍሪቃ ሲንጋፖር ክንገብራ ኢና" ወዘተ ዘይበለን ዘይገዓረሉን። ኣብ ተግባር ግን ዝተገብረ ልምዓት ይኹን ብመግቢ ርእሰኻ ምኽኣል ሃገራዊ ስራሓት ኣይነበረን ይግበር የሎን'ውን።

ስለዚ እቲ መ/ህግደፍ "ኣብ ከባቢና ትስፉው ኩነታት ተፈጢሩ ኣሎ ከየምልጠና ንናይ ከባቢና ሰላምን ምርግጋእን ሓባራዊ ጠቕምን ምዕባለን ንምውዓል ብዝሓየለ ተወዲብና ንልምዓት ክንሰርሕ ኣለና" ብምባል ከስምዖ ዝጸንሖን ዝቕጽሎ ዘሎን ጭርሖ'ውን እንተኾነ ኣብ ባይታ ከምቲ ዝተለመደ ናይ ምትላል ጭርሕኡን ኣጉል ምብጸዓታቱን፡ ከይተተግበረ መኺኑ ዝተርፍን ንካለኦት ናይ ዕንወት ተግባራቱ ሽፋን ኮይኑ ዘገልግልን ኢዩ ዝኸውን። ምኽንያቱ ህግደፍ ዘቤታዊ ምርግጋእን ልምዓትን ከረጋግጽ ዘይክእል ኣዕናዊ ጉጅለ ክነሱ፡ ናይ ከባቢና ምርግጋእን ልምዓትን ንምምጻእ ክሰርሕ ስለዘይክእል። ስለ ዝኾነ እዚ ህግደፍ ዘስምዖ ዘሎ ናይ ይመስል ጭርሖ ብተግባር ካብቶም ዝሓለፉ ናይ ዝርገተ-ሰላምን ዕንወትን ህልቂትን ተግባራት ምፍጻም ወጻኢ ብኣወንታ ዝግለጽ ውጽኢት ከምጽእ ትጽቢት እንገብረሉ ኣይኮነን።

ብኣንጻሩ በዚ ናይ ምድንጋር ጓንጓ ጭርሖ'ዚ ብምጥቃም ኣብ ህዝብታትናን ሃገርናን፡ ንህልውነኦምን ቀጻልነቶምን ዝጻብኡ ተኣፈፍቲ ዝኾኑ ፖለቲካዊ ስራሓት እናኣካየደ፡ ምእንቲ ውልቃውን ጉጅላውን ረብሓታቱ ከረጋግጽ ክብል ነቲ ከቀላቕሎ ዝጸንሖን ገና ዘይሓደጎን ዘሎ ናይ ሃገራዊ ሰራዝነት ኣንፈት ኣጠናኺሩ ዝቕጽለሉ እዩ ዝኸውን። በቲ ካልእ ገጽ ድማ ናይ ከባቢና ሰላምን ምርግጋእን ብዓይኒ ውልቃዊ ጥቕሙን ዝንኡን እናረኣየ ክዝረግን ናብ ተሃዋሲ ኩነታት ክዓርግን ንምግባር ምስ ህልዋት ለኣኽቱን መወልቱን ብምትሕብባር ሓንካሪ ተግባራቱ ዘካይዱን ናይ ከባቢና ፖለቲካዊ ኩነታት መመሊሱ ክሕመስ ዝገብር ናይ ምድማዕ ተኽእልኡ ብዘየገድስ ኣሉታዊ ተግባራቱ ዝቕጽለሉ እዩ ዝኸውን።

ኣብ ዙርያ'ዚ ነጥቢ እዚ ብትኹረት ክረአን ብቃልስና ክውገድ ዘለዎን ኣገዳሲ ጉዳይ እንተሃለወ፡ መ/ህግደፍ ብምጭራሕን መብጽዓ ብምእታውን ዝሰርሕ ኣካል ዲዩስ ኣይኮነን ዝብል ክትዕ ዘይኮነስ /ብሓሳብን ብግብርን ዝተረጋገጸ ስለዝኾነ/ እንታይ ዳኣ፡ ህግደፍ ዝተለመደ ናይ ምድንጋር ሜላታቱ ተጠቒሙ ኣብ ልዕሊ ህዝብታትና

ዘካይዶ ዘሎ መዘና ኣልቦ ዝኾነ ጭፍጨፋን ህልቂትን ምዝመዛን ከበባን፡ ህዝብና ናብ ስደት ክውሕዝ ዝገብሮ ዘሎ ኣብራሲ ተግባራትን፡ ህዝባውን ሃገራውን ልኡላውነትና ኣብ ዋጋ-ዕዳጋ ብምእታው ዘበጋግሶ ዘሎ ናይ ሃገራዊ ሰራዝነት ንቕሎን ኣንፈትን ምምካትን መኪትና ምፍሻልን፡ ህዝባውን ሃገራውን ልኡላውነትና ውሑስ ብምግባር፡ ደሞክራስያዊ ለውጢ ምርግጋጽ ቀዳማይን መሰረታውን ዕማም ናይ ቃልስና ወሲድና ክንቃለሰሉ ዘለና ዘይስግር ጉዳይ እዩ።

ብተወሳኺ ምስ'ዚ ኣገዳሲ ናይ ቃልሲ ዕማም'ዚ ብምዝማድ፡ ሕማም ኮሮና (ኮቪድ-19) ንሕብረሰብ ዓለም ከቢድ ስግኣት ብምዃን ዘህልቕ ዘሎ ተላባዒ ሕማም፡ ህዝብታትና ብግቡእ ፈሊጦም መከላኸሊ ሜላታት ብምጥቃም ሂወቶም ንምድሓን ክቃለሱን ሂወቶም ከድሕኑን ንምብቃዕ ግዜ ዘይህብ ናይ "ሂወት ኣድሕን" ቃልሲ ከነካይድ ኣለና። በቲ ካልእ ገጽ ድማ ኣብ ከባቢና ብሓፈሻ፡ ኣብ ከባቢ ቀርኒ-ኣፍሪቃ ካኣ ብፍላይ ዝኸሰትን ዘንጸላሉን ናይ ቀረባን ርሑቕን ሰብ ጠቕሚ ሓይልታት ዝዕድም ዘሎን ፖለቲካዊ ወድዕነት፡ ንሃገርናን ህዝብናን ዝትንክፍ ካብ ምዃን ሓሊፉ፡ ንህልውነኦምን ቀጻልነቶምን ሓደጋ ዝፈጥር ምዃኑ ፈሊጥና፡ ነቲ ጉጅለ ህግደፍ ከም "ኣንጭዋ ክልተ ዓንዴል" ንጠቕሙን ጠቐሚ ዓሰብቱን ክብል ካብ ሓደ ናብቲ ካልእ እናተመላለሰ ነገራት እናኣዋቐዐ፡ ዘካይዶ ዘሎ ናይ ጽልኢ ምፍጣርን ምግዳድን ኣሉታዊ ፖለቲካዊ ተራ ብቃልሲ ብምቅላዕ ምፍሻሉን፡ ምስ ናይ ከባቢና ኣሕዋት ህዝብታትን መንግስታትን ዝምድናና ኣብ ሰናይ ጉርብትናን ምትእምማንን ዝተሰረተ ኮይኑ ክቕጽል ንምግባር ዘይስገር ናይ ቃልሲ ኣስተዋጽኦና ምብርካትን እዩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ህዝባዊ ቃልስና ከም ናይ ህዝቢ ደሞክራስያዊ ሓርነታዊ ቃልሲ መጠን፡ ናይ ሰላምን ምርግጋእን፡ ደሞክራስን ልምዓትን ንምርግጋጽ እነካይዶ ዘለና ቃልሲ፡ ብናይ ዝተወሰኑ ተቓለስቲ ኣካላት ቃልሲ ብተናጸል ዝዕወት ስለ ዘይኮነ፡ ተሳትፎ ናይ ሓፋሽ ህዝብታትናን ተቓወምቲ ኣካላቶምን ምልኣተ-ተሳትፎ ብምርግጋጽ ዝዕወት ህዝባውን ሃገራውን ዕማም ስለ ዝኾነ፡ ነዚ ጠንቂ ናይ ኩሉ-መዳያዊ ወጽዓን ሽግራትን ናይ ህዝብታትናን ሃገርናን ብሕታዊ ጠንቂ ዝኾነ ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ንምውጋድ ጠጠው ዝበሉ ተቓለስቲ ሃገራዊ ዓቕምታትና ከሳትፍን ብሓባር ከስርሕን ዝኽእል ሰፊሕ ሃገራዊ ግንባር /ጽላል/ ብምምስራት ተወሃሂድናን ደጋጊፍናን ክንቃለስ ንክንበቅዕ ተቓላሳይ ዓቕምናን ቅልጽምናን ኣጣሚርና ህዝብን ሃገርን ካብ ውድቀትን ምብትታንን ንምድሓን ብሓባር ክንቃለስ እዩ ዝህልወና።

## ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ካብ ዝሓመቐ ናብ ዝኸፍአ ይምርሽ ኣሎ።

ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ብተፈጥሮኣዊ ኣቀማምጣኡ ኣብ ኣዝዩ ኣገዳስነት ዘለዎ ዓለማዊ ጸጥታውን ቁጠባውን መስመር ዝርከብ ዞባ'ዩ። መሬታዊ ኣቀማምጣኡ ናይ ዓለም ጸጥታን ምርግጋእን ንምክትታልን ንምኽባርን ዝምችእ ስትራተጂካዊ፡ ኣብ ከባቢኡ ዝርከብ ቀይሕ ባሕሪ ድማ ዓለማዊ ንግዳዊ መስመር ካብን ናብን ዝመሓላለፈሉ ክሳድ ብምዃኑ ጸጋን ስኽፍታን ሓቑፉ ዝነብር ዞባ'ዩ።

እዚ ዞባ ብዘይካ'ቲ መሬታውን ማያውን ንዓለም ዘለዎ ስትራተጂካዊ ኣገዳስነት፡ ዓይኒን ቀልብን ብዙሓት ዝስሕብ ገና ዘይተመዝመዘ ባህሪያዊ ጸጋታት ዝተዓደለ'ውን እዩ። ብተፈጥሮ ሚዛኑ ዝሓለወ ንሰብኣዊ ፍጡር፣ ንኹሎም ዓይነታት እንስሳታት፣ ንእዝርእትን ኣትክልትን ኮታ፡ ንህይወታውያን ፍጡራት ዝሰማማዕ ምጡን ዋዕን ዛሕልን ክሊማ ዝተዓደለ ከባቢ ስለ ዝኾነ ወትሩ ዓይኒ ብዙሓት ብሓፈሻ፡ ዓይኒ ዝማዕበሉ ሃገራት ከኣ ብፍላይ ምስ ማረኸ'ዩ። ዓሚቕ ድሕረትን ድኽነት ዘለዎ ኣፍራይ ሓይሊ ሰብ ዝርከበሉ ንኡስ ክፍለ ዓለማዊ ብምዃኑ'ውን ተወሳኺ ስሕበት ካብ ዝፈጥሩ ጸጋታቱ ከም ዝኾነ ተንተንትን ተመራመርትን እዚ ዞባ ይሕብሩ።

ስለዚ ከኣ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ብዘለዎ ክሳዳዊ ጸጥታውን ቁጠባውን ዓለማዊ ንግዳዊ ስትራተጂካዊ መስመር፣ ዘይተመዝመዘ ኣብ ልዕልን ትሕትን መሬት ዝርከብ ክቡር ጸጋታት፣ ኣፍራዪ ግን ከኣ ብድሕረትን ድኽነትን ተኣሲሩ ዝነብር ሓይሊ ሰብ ዝውንን'ዩ። ከምኡ ስለ ዝኾነ ከኣ ካብ ቀረባ ርሕቀት ኮነ፡ ኣብ ርሑቕ ርሕቀት ካብ ዝርከቡ ዝተፈላለዩ ሓይልታት፡ ብቐጥታ ድዩ ብተዘዋዋሪ ንውሑስ ሰላም፣ ህንጸት ስርዓት ደሞክራሲ፣ ምትካልን ምኽባርን ህዝባዊ ቅዋማዊ ግዝኣተ ሕጊ፣ ብውጥን ዝምራሕ ተሳተፎን ተጠቃምነትን ህዝቢ ማእከሉ ዝገበረ ቁጠባዊ ልምዓታዊ መደባት ከይሰላሰል ዝዕንቅጽ ተጻብኦን ግጭትን ዘይፍለዮ ቅሳነት ዘይህብ ዞባዊ ኮይኑ መጺኡን ይቕጽል ኣሎን።

ኣብ ርሑቕ ርሕቀት ዝርከቡ ብትምህርቲ፡ ብወተሃደራዊ፡ ቁጠባዊ፡ ተክኖሎጂካዊ ዓውድታት ሕቖኦም ዘደልደሉ መንግስታትን ሃገራትን ንነብርትን ወነንትን እዚ ዞባ ዝኾኑ ህዝብታት ሰብኣውን ደሞክራስያውን ሓርነቶምን መጻኢ ዕድሎምን ከመይ ይኽውን ግምትን ክብርን ከይሃቡ፡ ነቲ ዘይናቶም ከም ናቶም መደባት ኣውጺኦም ዓይነታዊ ጸጋታት እዚ ዞባ ክምዝምዙ ጎቦጣ ካብ ዝጀመርሉ ወቕቲ ሰላም ረኺቡ ኣይፈልጥን።

ዓለም ብደምበ ሃጸይነትን ዴስነትን ወይ ከኣ ብሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝቕለስ ምዕራባዊ ደምበን ብሕብረት ሶቭየትት ዝቕለስ ምብራቓዊ ደምበን ተባሂሉ ኣብ ክልተ ተጻራሪ ጫፍ ኣብ ዝነበረሉ መድረኽ ዝሑል ኲናት፡ ነቶም ህዝብታት ብከፋፊልካ ግዛእ ውሽጣዊ ሓድነቶም ብምዝራግ፡ ንመንነቶም ንመሰሎም ከይዛረቡ፡ እንተተዛሪቡ ከኣ ከምዘየስምዑን ከምዘይድምዑን ንምግባር ይስራሕ ነይሩ። ካብ ኣብራኽ'ቲ ግዙእ ህዝቢ ዝወጽኡ፡ ካብ ጭቡጥ ወድዓዊ ኩነታት ህዝቦም ዘይብገሱ ጽግዕተኛታት ዝኾኑ መራሕትን፡ ጸለውቲ ዝበሃሉ ፈደል ዝቖጸሩ ምሁራትን ብዝተፈላለዩ ሜላታት ብምድንጋር ብምጥባር ንቕድሚት ብምምጻእ ከም መሳርሒ ይጥቀሙ ምንባሮም ታሪኽ ይሕብር።

እዚ ዞባ ከም ኣካል ኣምሳል ክፍሊ ዓለም ኣፍሪቃ መጠን ዝበዝሓ ሃገራት ካብ 1950ታት ንነጀው ሓደ ድሕርቲ ካልእ፡ ካብ ወራርን ቀጥታዊ መግዛእትን ተገላጊለን ነጻነተን'ኳ እንተኣወጃ፡ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያተን ባዕለን ዝውስና ሓርነተን ዘረጋገጻ ልኡላውያን ሃገራት ክኾና ግን ኣይከኣላን። መራሕቲ ፖለቲካን ጸለውቲ ዝበሃሉ ምሁራትን ኣብ ክንዲ ኣብ ገዛእ ርእሶምን ድሌት ህዝብን ተኣማሚኖም ዝሰርሑ፡ ገለ ምስ ደምበ ምዕራብ፡ ገለ ከኣ ምስ ደምበ ምብራቕ ብምውጋን ኣብ ትሕቲ ናይ'ቲ ንኽተሎ ዝብልዎ ስነ-ሓሳብ ጎይቶት ዝኣተውሉ ስለ ዝነበረ ተስፋ ሰላም፡ ደሞክራስን ልምዓትን ዝጠፍኣሉ፡ ድሕረትን ድኽነትን ዝነገሰሉ፡ ኲናትን ወረ ኲናትን ዘይፍለዮ ዞባ ኮይኑ። እተን ሃገራት ድማ ኸዑ ንኸዑ ኣብ ትሕቲ ስውር መግዛእቲ ኣትየን።

መድረኽ ዝሑል ኲናት ኣብ መወዳእታ 80ታት ብዓወት ምዕራባዊ ደምበ፡ ብስዕረት ምብራቓዊ ደምበ ተዛዚሙ። ዓለም ኣብ ትሕቲ ሓደ ብኽብረት መሰረታዊ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላት ይግደስ'የ ዝብል ዳኛን ስነ-ሓሳቡን ወዲቓ። ደርባዊ ወጽዓን ደርባዊ ስነ-ሓሳባዊ ፍልልያትን ፍሕፍሕፍን ሓንሳብን ንሓዋሩን ተሳዒሩ ከም ዝተቐብረ፡ ብግሎቫላዜሽንን ነጻ ዕዳጋን ከም ዝተተከኣ ተገሊጹ። ኢድ ኣእታውነት ናይ ልዕለ ትሕትነት ኣረኣእያታት ምሉእ ንምሉእ ከም ዘብቀዐ፡ ዓለም በተሓሳሰባ፡ ብፍትሓዊ ተጠቃምነትን ምእዙዝነት ንልዕልና ሕግን ሓደ ከም ዝኾነት፡ ብዙሓት ጽሒፎምሉ ተዋሲኦምሉ ደሪፎምሉ። ስለዝኾነ ከኣ እዚ ስብከት'ዚ ንዝሓለፈ 30 ዓመታት ብፍላጥ ድዩ ብዘይፍላጥ፡ ብውዴታ ድዩ ብግዴታ ገዛኢ ዓለማዊ ኣተሓሳስባ ኮይኑ ጸኒሑ።

ህዝብታት ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ በዚ ግሎቫላዜሽንን ነጻ ዕዳጋን ዝብል ብወሳኒ መልክዑ ብናይ ንግዲ ኮርፖረሽናትን መቃልሐን ዝኾና ማዕከናት ዜናን ዝተዓብለኸ ስብከት፡ ካብ ዘተሃራርፍ ተስፋ ዝሓለፈ ውሑስ ሰላም፣ ደሞክራሲ፣ ልምዓት፣ ማሕበራዊ ፍትሒ ክረኽቡ ኣይከኣሉን። ብርግጽ ኩሎም ህዝብታትን ሃገራት ብማዕረ ዝስርዑ ኣይኮኑን። ንኤርትራ ከይሓውስካ ኣብ ኩለን ኣብ'ዚ ዞባ ዝርከባ ሃገራት ከም'ቲ ዝደለ ኣዕጋቢ ይኹን ኣይኹን፣ ብምንጽጻር ኣብ ሕድሕደን ክህሉ ዝኽእል ብልጫን ድኽመትን ከይዘንጋዕና፡ ሃገራዊ ቅዋም ኣለወን። ሃገራዊ ባይቶ ኣለወን። ስርዓተ ምርጫ ዝካየደሉ ፍሉጥ ግዜ ኣለወን። ብዝሐ ሰልፋዊ ስርዓት ኣለወን። ፍርያት ነጻ መራኽቢ ብዙሓን ኣለወን። ትካላት ፍትሒ ኣለወን። ናይ ዜጋታት ካብን ናብን ምንቅስቓስ ነጻነት ኣለወን። ንግድን ወፍርን ኣለወን። ነዚ ዝምልከት ፖሊስን መምርሕን...ወዘተ ኣለወን። እዚ ኹሉ ኣለወን ማለት ግን ህዝቢ ብምልኣት ይኣምነሉን ብተግባር ይጥቀመሉን'ዩ ማለት ኣይኮነን። ምስናይ ቡዙሕ ጉድለታት'ዩ። ኤርትራ ሃገርና ግን ካብ'ዚ ኩሉ ዋላ ሓንቲ የብላን። "ሓደ ህዝቢ ሓደ ልቢ" ብዝብል ጭርሖ ብሓደ ፍጹም መላኺ ሰብ ትግዛእ ዘላ ሃገር እያ።

ብሓፈሻ ግን ኣብ'ዚ መድረኽ'ዚ፡ ኣብ ኩለን ሃገራት እዚ ዞባ፡ ዓሚቕ ፖለቲካውን ጸጥታውን ዘይምርግጋእ ኣሎ። ኣብ ክንዲ ዝበራበር መመሊሱ ዝገድድ ኣሰካፊ ድሕረትን ድኽነትን ኣሎ። ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ብሄራትን ሃይማኖታት ብመሃዝትን ኣሳሰይትን ጠቕመ ፈሊጣውያን ዝተፈጥረ ዘይምትእምማንን ምጥርጣርን ኣሎ። ብመጠኑ ይፈላለ እንተዘይኮይኑ ኣብ ኩሉ ግጭትን ደም ምፍሳስን ኣሎ። ናይ'ዚ ጠንቂ ናይ'ቶም መንግስታት

*ጽግዕተኛ ባህር'ዩ። ንህዝብታቶም ዘይምጥንን ዘየርብሕን ብወሳኒ መልክዑ ንግዳማውያን ሓይልታት ዘገልግል ዝኸተልዎ ኲሉ-መዳያዊ ኣዕናዊ ፖሊሲ ምኻኑ ብዙሓት ዝሰማምዕሉ'ዩ።*

*ኣብ መድረኽ ዝሑል ኲናት ዓለማዊ ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳብ ብወሳኒ መልክዑ ኣብ ክልተ ደምበ ዝተኸፈለ'ዩ ነይሩ። ነጻነታውን ሓርነታውን ምንቅስቓስ ዝተጎሃሃረሉ መድረኽ ምንባሩ'ውን ይፍለጥ። መድረኽ ዝሑል ኲናት ኣኺቲሙ ግሎባላዜሽን ነጻ ዕዳጋ ዝብል ቀሻሺ ኣተሓሳስባ ገዛኢ ኮይኑ። ሎሚ ንርከበሉ ዓለማዊ ኩነታት ግን ብኩለንተንኡ ካብ ዝሓለፈ መድረኻት ዝሽፍኣን ዝተሓላለኸን'ዩ። ዘለናሉ ወቕቲ ዓለማዊ ፖለቲካዊ መድረኽ ሓደ ዳኛ ድሌቱ ዝገብረሉ ኣይኮነን። ሃገራዊ ረብሓኦም ዘረጋግጽ ምኻኑ እንተኣሚኖም ሕራይ፣ ንሃገራዊ ረብሓኦም ዝጎድእ መሲሉ እንተተራእይዎም ከኣ ብወግዒ እምቢ ዝብሉ ኣብ ህዝቦምን ፖሊሲኦም ዝተኣማመኑ ብቀሊል ዘይስገሩ ተነሓናሕቲ ሓይልታት ዝተወልድሉ'ዩ። ከምኡ'ውን ምስ'ቶም ንዓለማዊ ርእሰ ሓያልነት ዝነሓንሑ ዘለው ዓንተራት ብቀጥታን ብተዘዋዋርን ምትእስሳር ዘለዎም ዞባውያን ሓይልታት ዝተፈጥርሉ መድረኽ ኢና ንርከብ ዘለና።*

*ብደረጃ ዓለም ኮነ ዞባ መን ዓብለለ ዝወዳደሩ ዘለው ሓይልታት ካብ ዝፈኻኸርሉ ዘለው ዞባ ሓደ ድማ ምብራቕ ኣፍሪቃ'ዩ። ሎሚ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ብሰንኪ ጽግዕተኛ ባህርን ግጉይ ፖሊስን መንግስታት እዚ ዞባ ካብ ዝሓመቐ ናብ ዝኸፍአ ኩነታት'ዩ ዝምርሽ ዘሎ። ከምኡ ዝኾነሉ ምኽንያት ከኣ፡ ዝበዝሑ መንግስታት እዚ ዞባ፡ መጀመርያ ኣብ ህዝቦም ናይ ቅቡልነት መተኣማመኒ ባይታ ዝፈጠሩ ኣይኮኑን። ብካልኣይ ኣብ ሃሃገሮም ህዝባዊ መሰልን ረብሓን ዝማእከሉ ቅቡልን ቅኑዕን ፖሊስን ስትራተጂን የብሎምን። ብሳልሳይ ዘመሳስሎም ባህሪ፡ ፖሊስን ተግባርን የብሎምን። ራብዓይ፡ ሓቢርካን ተኸባቢርካን ምዕባይን ምንባርን ዝሰረቱ ግልጺ ዝኾነ ናይ ሓባር ስምምዕ የብሎምን።*

*ብግልጺ ንዕዘቦ ካብ ዘለና፡ ተመራመርትን ማዕከናት ዜናን ይገልጽዎ ከም ዘለውን መራሕቲ ሃገራት እዚ ዞባ ናይ ባዕሎም ኣጀንዳ ከም ዘለዎም ዘረጋግጽ መረዳእታ የለን። ንህዝቦም ብሓሶት ዝጥብሩ፡ ብቀረባ ምክትታል ዘይፍለዮ ፖሊሲ፡ ገንዘባውን ዓይነታውን ደገፍ ግዳማውያን ሓይልታት ዝዝወሩ ምኻኖም ዘመላኽቱ ነገራት ኣለው። ስለዚ እቲ ሰላምን ምርግጋእን ብምፍጣር፡ ድልዱል ዞባዊ ቁጠባዊ ውህደት ከነምጽእ ኢና ተጸበዩና እናበሉ ዝመባጽዕዎ ኣፋዊ'ምበር ግብራዊ ዝኸውን ኣይኮነን። ስለምንታይ'ሲ ኣብ ዘቤቶም ዘሎ ግርጭታት ኣይፈትሑን ወይ ብደሞክራስያዊ ኣገባብ ኣየመሓደሩን። ንሓቀኛ ዞባዊ ሰላምን ቁጠባዊ ውህደትን ዘተኣናግድ ባህሪ የብሎምን። ከም ሃገራት ዝመርሑ ዘለው መንግስታት ካብ ውሽጣዊ ፖሊስን ስትራተጂን ዝመንጨወ ንኢድ ኣእታውነት ዝነጽግ፡ ብህዝባውን መሬታውን ልኡላውነት ዘይዋገ ግሉጽ ናይ ወጻኢ ፖሊሲ የብሎምን። ስለዚ'ቲ ገይርናዮን ንገብሮ ኣለናን ዝብልዎ ርክባትን ስምምዓትን ብሓፈሻ ግልጽነት ዘይብሉ ኣብ ርእሲ ምኻኑ፡ ኣብ ርሑቕ ብዘለው ጎይቶትን ኣብ ቀረባ ርሕቀት ብዘለው ሰብ ገንዘብን ዝተሃንደሰን ንዕኦም ብዝጠቅም ዝተዋደደን ምኻኑ ብዙሓት ዝሰማምዕሉ ሓቂ'ዩ።*

*ይሕመቕ ይጸብቕ ብናቱ ኣረኣእያን ፖሊስን ዘይምራሕ፡ ድምጺ ህዝቡ ዘይሰምዕ ንረብሓን መሰልን ህዝቡ ቀዳምነት ሂቡ ዘይሰርሕ፡ ዘቤታዊ ዋኒኑ ገዲፉ፡ ኣጀንዳ ካልኦት ኣብ ምፍጻም ዝተጸምደ ጽግዕተኛ መሪሕነታት ዝዓብለሎ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ጸሩ ይኸብድ'ምበር ይፈኩስ የለን። ዝበዝሑ ዜጋታት እዘን ሃገራት ኣብ መንግስታቶምን ዝምርሕሉ ፖሊስን እምነት ከምዘይብሎም ብወግዒ ክገልጹ ይስምዑ። ኣብ ሃሃገሮም ብዘለው ጽግዕተኛ መንግስታት ዝጠንቁ፡ ግዳማውያን ሓይልታት ኣብዘይምልከቶም ኣትዮም ነገራት ከም ዝሓማዝቑ፣ ሃገራዊ ፖሊሲታት የቕይሩ ከም ዘለው፡ እዚ ዞባ ናብ መነሃሪያ ዝተፈላለዩ ተነሓናሕቲ ሓይልታት ይቕየር ምህላውን ዓለማዊ ጽልዋ ዘለዎም ገለ ሃገራት ኣፎም መሊኦም ብናይ ዓወት ታሕጓስ ይገልጽዎ ኣለው። እዚ ኣሰካፊ ዛዕባ'ዚ ቀልጢፉ ዝዕጸፈሉ ኩነታት እንተዘይተፈጢሩ መጻኢ ዕድል ኣብ'ዚ ዞባ ናይ ዝርከቡ ህዝብታትን ሃገራትን ንምትንባዩ ዘጸግም ከቢድ'ዩ ዝኸውን።*

*እቲ ኣብ መራኸቢ ብዙሓን ዝወሃብ ውዑል ሰላም ከቲምና፡ ናብ ዞባዊ ቁጠባዊ ውህደት ነምርሓለና ኣምስሉ መደረ ኣብ ንፋስ ተበቲኑ ብኡ ንብኡ ዝሃፍፍ'ምበር ኣብ ባይታ ወሪዱ ዘፍሪ ትሕዝቶ የብሉን። ርሑቕ ከይከድና*

በተሓሳሰባ ኮነ ብተግባር መን ምስ መን ብናቱ ተበግሶ ተዛሚዱ? መን ምስ መንከ ብፖሊሲ ደረጃ ይዛመድ ምስ እንግምግም ንረኽቦ ሓቂ ዘሰምብድ'ዩ። ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ብቀሊል ክውጻእ ኣብ ዘይክኣል ሓደጋ ዘእቱ ኣጀንዳ ተታሒዙ ይሰራሓሉ ምህላው ዝእምት'ዩ። በዚ መሰረት ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ካብ ዝሓመቐ ናብ ዝኸፍአ ይምርሽ ምህላው፡ ህዝብታት እዚ ዞባ ብስመ ዞባዊ ሰላምን ዞባዊ ቁጠባዊ ውህደትን ኣብ ትሕቲ ስውር መግዝእቲ፡ ድሕረትን ድኽነትን ይኣትው ምህላዎም ብሩህ ክኸውን ይግባእ። ስለዚ ስትራተጂካዊ ኣገዳስነት ዘለዎ ዞባ ምብራቕ ኣፍሪቃ፡ ካብ ኢድ ዋናታቱ ወጺኡ ካብ ዝሓመቐ ናብ ዝኸፍአ ፖለቲካዊ ቁጠባውን ጸጥታውን ቅልውላው ይምርሽ ምህላው ዝተረደአ ህዝባዊ ቃልሲ ምክያድ ኣማራጺ ኣልቦ'ዩ።

እዚ ሓደጋ'ዚ ብሓፈሻ ንህዝብታት ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ብፍላይ ካኣ ህዝባዊ ሓርነታዊ ቃልሲ ዘካይዱ ዘለዉ ህዝብታት ኤርትራ ዘለዎ ትርጉም ብጣዕሚ ከቢድ ስለ ዝኾነ፡ ደምበ ተቓውሞ ኤርትራ ብትኹረት ክርእዮን ክቃለሶን ዘለዎ ሓደገኛ ክስተት ምዃኑ ክዝንጋዕ ኣይግባእን።

## <u>ንትርጉም ነጻነትን ሓርነትን ነጻጺልካ ብምቕራብ ሓሓሊፎም ዘነጸባርቑ ግጉያት ግንዛበታትን፡</u>

## <u>ዝፈጥርዎ ምድንጋራን ንመን ኢዮም ዘገልግሉ?፡</u>

እዞም ክልተ ቃላት ነጻነትን ሓርነትን ዝብሉ፡ ሓደ ካብቲ ሓደ ነጻጺልካ ክረኣዩ ዘይክእሉ ንልኡላዊ ስልጣን ህዝብን ሃገርን ዝምልከቱ ጉዳያት ኣብ ከመይነት ኣጠቓቕመኦም ብፍላጥ ይኹን ብዘይፍላጥ ሓሓሊፎም ኣብ መራኸቢ-ብዙሓን ዘንጸባርቑ ግጉያት ተረደኣታት ቅድሚ ምድህሳስና ኣብ ትሕዝተኦም እንታይ ትርጉም እዮም ዝህቡ /ዘመላኽቱ/ ብዛዕባ ነፍስ ወከፎም ብሕጽር ዝበለ ገለ ጠቓቒስና ክንሓልፍ ኣድላዪ እዩ።

ናጽነት ዝብል ቃል ብተራ ትርጉሙ ክውሰድ እንከሎ፡ ደቂ-ሰባት ካብ ተፎጥራኣውን ማሕበራውን ሕግታት ተላዒሎም ንዝደለይዎ ዕላማ ከማልኡ ኣድላዪ ስጉምቲ ናይ ምውሰድ ብቕዓት ወይ ክእለት ከም ዘለዎም ዘመላኽት ኣምር እዩ። ምስ ናይ ህዝብን ሃገርን ጉዳይ ተኣሳሲሩ ብፖለቲካዊ ትርጉሙ ክረአ እንከሎ ካኣ፡ እቲ ጭቡጥ ፖለቲካውን ቁጠባውን ማሕበራውን ኩነታት ናይቲ ናጽነትን ሓርነትን ዝጠልብ ሕብረተ-ሰብ ወድዓውን ባዕላውን ኩነታቱ ዝውስኖ እዩ። ብካልእ ኣዘራርባ ናጽነት ናይ ሓደ ሃገር ግዝኣታዊ ሓድነቱን ሃገራዊ ክብሩን ብካልእ ሓይሊ ብናይ ደገ ይኹን ብናይ ውሽጢ ተጽዕኖ /ባዕዳዊ ይኹን ዘቤታዊ ምግዛእቲ/ ወዲቑ ከይጭቆን ህዝቢ ህላዊኡ ሓልዩ /ኣፅቂቡ/ ብገዛእ ነብሱ ሃገሩ ናይ ምምራሕ ነጻነት ናይ ምርግጋጽ ኢዩ።

ሓርነት ዝብል ቃል ትርጉሙ ስፍሕ ዝበለ ካብ ናጽነት ንላዕሊ ዕሙቕ ዝበለ ኣምር ወይ ጥምሮ-ሓሳብ ዝሓዘ ኮይኑ፡ ኣብ ጉዳይ ህዝብን ሃገርን ክመጽእ እንከሎ ካብ ናይ ባዕዳዊ መግዛእቲ ፖለቲካዊ ናጽነት ካብ ምርግጋጽ ንላዕሊ ዝካየድ ቃልሲ ኮይኑ፡ ማዕርነትን ደሞክራስን ዝሰፈኖ ሕብረተ-ሰብ ንምህናጽ ዘመላኽት ኣገላልጻ እዩ። ኣብ መእተዊ ጽሑፍና እዚ እንኻብ በልና ኣብዞም ክልተ ቃላት ወይ ኣምራት እዚኣቶም ኣብ ፖለቲካዊ ትርጉሞም ኣብ ሕሉፍ ተሞኩሮ ብረታዊ ቃልስና ይኹን፡ ድሕሪ ናጽነት ከመይ እዮም ከነጸባርቑ ዝጸንሑን ዘለዉን ምርኣይ ኣገዳሲ ይመስለና።

ኣብ መስርሕ ሃገራዊ ሓርነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኣብቲ ዝተናውሐ ብረታዊ ተጋድሎ ብፍላጥ ይኹን ብዘይፍላጥ ብንቕሓት ይኹን ሰኣን ንቕሓት ነዚ ኣምራት እዚ ነናቱ ትርጉም ብምሃብ ገሊኡ ነጻጺሉ ዘቕርቦ፡ ገሊኡ ካኣ ከይነጻጸለ ብሓደ ዝኸይድ ገይሩ ብምግንዛብ ከዘውትሮ ዝጸንሐ ምዃኑ ዝፍለጥ እዩ። እቲ ነጻጺሉ ዝርኢ ሸነኽ ንመስርሕ ናጽነትን ሓርነትን ብክልተ መድረኻት መቓቒሉ ቀዳማይ መድረኽ ጸረ ባዕዳዊ መግዛእቲ ተጋድሎ ጥራሕ ገይሩ ብምውሳድ ብኡ መሰረት ካኣ ናጻን ልኡላዊትን ሃገር ምርግጋጽ፡ ድሕሪ እዚ ካኣ እቲ ካልኣይ መድረኽ ናይ ሓርነት መድረኽ ሓራ ሕብረተ-ሰብ ንምርግጋጽ ዝግበር ቃልሲ ምስ ምህናጽ ሃገር ዝጀምር ገይሩ ዝርኢ ግንዛበ እዩ።

እቲ ካልኣይ ግንዛበ ካኣ ንክልቲኡ ናጽነትን ሓርነትን ነጻጺሉ ከይረኣየ ንባዕዳዊ መግዛእቲ ብምድምሳስ ነጻን ልኡላዊትን ሃገር ምርግጋጽ ከም ቀንዲ ዕላማ ሒዙ፡ ኣብ ሃገራዊ ሓርነታዊ ቃልሲ ነቲ ምስ ጸላኢ ዘሎ ቀዳማይ ግርጭት ኣብ ምፍታሕ ብዘየሳናኽል ኣገባቡ ኣብቲ ተጋዳላይን ህዝብን ንቕሐ ፖለቲካዊ ተሳትፍኡ ዘረጋግጽ ሓራ ሕብረተ-ሰብ ኣብ ምርግጋጽ ልዑል ተርኡ ክጻወት ከም ዘለዎ ብምግንዛብ ኣብ ሓራ መሬት ግዝኣት ሕግን

ደሞክራስያዊ ስርዓት-ምሕደራን ክዕንብብ፡ ነዚ ካኣ ኩሉ ተቓላሳይ /ተጋላይን ህዝብን እናተማህሮን እናተመኮሮን ደረጃ ብደረጃ ደሞክራስያዊ ኣተሓሳስባ እናዓበየ ዝኸይድ መስርሕ ኮይኑ፡ ኣብ ናጻ ሃገር ካኣ ምስ ምህናጽ ሓዳሽ ሃገር ኣብ ዝካየድ ሰላማውን ደሞክራስያውን ኣገባብ ቃልሲ ብመላእ ህዝቢ ዝጸድቕ ሕገ-መንግስቲ ልዑል ደሞክራስያዊ ተሳትፍኡ እናማዕበለ ክኸይድ ዝርኢ እዩ ነይሩ።

ኣብዚ ሽነኽ እዚ እቲ ነጻነትን ሓርነትን ዝብል ቃል ኣብ ምጥቃም ከም ተተኻኺእቲ ወይ ተመላላእቲ ገይርካ ናይ ምጥቃም ዳኣምበር ነጺጺልካ ርእሶም ብዝኽኣሉ ጨሪሾም ዝተፈላለዩ ነናቶም ዕማማት ዝሓዙ ክልተ መድረኻት ሓደ ናይ ናጽነት ሓደ ካኣ ናይ ሓርነት ኢልካ መቓቒልካ ናይ ምርኣይ ዝንባለ ከም ገዛኢ ኣተሓሳስባ ጌሩ ዘይርኢ እዩ ነይሩ። እዚ ክልተ ዝተፈላለዩ ናይ ኣረዳዳኣ ዝንባለታት ኮይኑ፡ እቲ ሳልሳይ ዝምባለ ካኣ ክምቲ ኩለን ንንዊሕ ዓመታት ኣብ ትሕቲ ባዕዳውያን ገዛእቲ ወዲቐን ዝነበራ ሃገራት ኣፍቃን ላቲን ኣሜሪካን ኢስያን ድሕሪ ካላኣይ ኵናት ዓለም ብዝተፈጥረ ምቹእ ሰውራዊ ሃዋሁ ዝተኻየደ ሃገራዊ ሓርነታዊ ቃልስን ዝተረጋገጸ ሃገራዊ ነጻነትን፡ ናጽነት ኤርትራ ምርግጋጹ'ውን ንኩሉ ዝምልስ ገይሩ ብምርኣይ ናይ መጨረሻ መዕለቢ /ምዕራፍ/ ገይሩ ዝርኢ'ውን ኣካልን ኣመሳልን ናይቲ ብሓርበኛዊ ስምዒታትን ጽቡቕ ባህጊታትን ዝቃለስ ዝነበረ ሃገራዊ ከም ሓደ ዝምባለ /ተረደአ/ ክውሰድ ዝካኣል እዩ።

ናይቲ እዋን እቲ መንእሰይ ወለዶ'ውን እንተኾነ ምስቲ ናይቲ ሽዑ ብዓለም ደረጃ ሃገራዊ ሓርነታዊ ቃልሲ ዘካይዱ ዝነበሩ ህዝብታት ገኒኑ ዝነበረ ናይ ጸጋም ኣረኣእያታት ነዘን ክልተ ጥሙር ሓሳባት ናይ ናጽነትን ሓርነትን ትርጉም ንምርዳእ ጸገም ኣነበሮን። እዚ ኣራኣእያ'ዚ ገዛኢ ስለ ዝነበረ ካኣ እተን ክልተ ዓበይቲ ውድባት ተ.ሓ.ኤን ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ'ውን ዝጸለዉ ብምንባሮም ብመደብ ተታሒዙ ዝምህርሉ ዝነበሩ እዮም። ዋላ'ኳ እዚ ኣስተምህሮ እዚ ክለሰ-ሓሳባዊ ካብ ምዃን ሓሊፉ ብዝተወደበ መልክዑ ናብ ነገራዊ ሓይሊ ተቐይሩ ከም ዕላማ ተታሒዙ ኣብ ተግባር ክሰርሕ ከይግበር እቲ ወሳኒ ኣካል ናይ ኣመራርሓ ካብ ተራ ሓርበኝነት ዝዘለለ ጉዕዞ ቃልሲ ክመርሕ ባህርን ቅሩብነትን ስለ ዘይነበሮ ኣብ ባይታ ኣይተተግበረን።

ከምዚ ስለ ዝኾነ ካኣ እዩ እዘን ግጉያት ተረደኣታት እዚኣተን ኣብ ናጽነትን ሓርነትን ዘንጸባርቓ ዝነበራ፡ ተስተኻኺለን ቅኑዕ ግንዛበ ከይተሓዘለን ኣብቲ ግዜ'ቲ ናይ ዓቕሚ ሕጽረት ኣይነበረን፡ ኮይኑ ግን እቲ መሪሕነት ብናይ ቀረባን ርሑቕን ጸቢብ ጉጅላዊ ሕሳባቱ ተደዋዊሰን ክኸዳ ንደርባዊ ረብሕኡ ክግልገለለን ስለ ዝመረጸ ኣይተስተኻኸላን። እቲ ሰውራ እንተኾነ'ውን ካብ ብጊሓቱ ኣትሒዙ እዚ ትምክሕታውን ጸቢብን ኣተሓሳስባታት እዚ ኣብቲ ወሳኒ ኣካል ናይ ኣመራርሓ ገዛኢ ኣተሓሳስባ ስለ ዝነበረ እዩ ድማ፡ ሜዳ ኤርትራ "ካብ ሓደ ውድብ ንላዕሊ ኣይጸውርን እዩ" ተባሂሉዝተፈለየ ርእይቶ ዝሓዘ ምንቅስቓስ ክህሉ ዘይፈቅድ ኮይኑ ሰውራ ኤርትራ ኣብ መስርሕ ጉዕዝኡ ብከቢድ ውሽጣዊ ዘይደሞክራስዊ ሂወትን ሓጎጽጎጸትን ኵናት ሕድሕድን ከሕልፍ ዝተገደደ።

ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ደሞክራስዊ መተካእታ ናይ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ እየ ኢላ ንነብሳ ናይ ጸጋም ስነ-ሓሳብ ካባ ለቢሳ ዝሓሸትን ገስጋሲትን ውድብ ኮይና ከም ዝተፈንጨለት ካብ ዝኣወጀትሉ ግዜ ኣትሒዛ እቲ ምስ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ እናተወዳደረት እትህቦ ዝነበረት ናይ ጸጋም ፖለቲካዊ ትምህርቲ ተሓኤ ካብ ሜዳ ኤርትራ ተደፊኣ ምስ ወጸት እቲ ንይምሰል ብውድድር ዝኸይድ ዝነበረ ናይ ጸጋም ኣስተምህሮ'ውን እንተኾነ እናሃሰሰን እናተረፈን ከምዝኸደ ዝፍለጥ እዩ።

እቲ ተጋዳላይ ኣብቲ ጸረ ባዕዳዊ መግዛእቲ ኣብ ዝግበሩ ምልዕዓላት ኣብ ምርግጋጽ ተራ ሃገራዊ ነጻነት ጥራሕ ረጊጹ ክቃለስ ምግባር እቲ ውድብ ከም ቀንዲ ውራዩ ገይሩ ተታሓሒዙዎ ክሳብ ምርግጋጽ ነጻነት ኤርትራ እቲ ብረታዊ ተጋድሎ በዚ ኣተሓሳስባ እዚ ክዛዘም እዩ ዝኾነ። ከምኡ ስለ ዝኾነ ካኣ እዩ ብ1991 ዝተረጋገጸ ሃገራዊ ነጻነት ጃንዳዊ መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ከም ምሉእ ሓርነት ናይ ህዝብና ዝተረጋገጸ ገይሩ ክገልጾን ህዝቢ ከደናግረሉን ብዙሕ ጸፋዕፋዕ ዝበለ። ክሳብ ሕጂ ካኣ እንሆ ስርዓት ህግደፍ ስዉኣትና ብዘረጋገጽናዮ ናጽነትን ሓርነትን ሃገርና ሕድሮም ተደቢሶም እዩ ኢሉ ስድራቤታት ስዉኣት ቀሲኖም ኣብ ትሕቲ ዘቤታዊ መግዛእቱ ዕድመ ስልጣኑ ከናውሕሉ ኣብ ጥራይ ከብዶም ብጥሜትን ሕማምን እናተሳቐዩን፡ ብድሕሪትን ድኽነትን ዛንዛን ኢሎም እንክለዉ፡ ርህይዎም ብሰላም ሂወቶም ይመርሑ ከም ዘለዉ ብስሞም ብሓሶት ክምሕልን ክጥሕልን ይርከብ ኣሎ።

እዚ እቲ ባህሪ ኣረሜናዊ ጭፍጫፊ ስርዓት ህግደፍ ኮይኑ፡ ድሕሪ ምርግጋጽ ናጽነት ኤርትራ ሓርነታዊ ጉዕዞ ከም ዝጀመረ ከደናግር ዝጥቀመሉ ይኹን ዳኣምበር፡ እዝስ ካብ መስርሕ ብረታዊ ተጋድሎ ኣትሒዙ እናተጠቐመሉ ዝመጸ ጸረ-ደሞክራስያዊ ኣተሓሳስባ ስለ ዝኾነ ትርጉም ናጽነትትን ሓርነትን ንዕኡ ብዘገልግሎ ኣደናጊሩ ክጥቀመሉ ዝጸንሐን ዘሎን ብምዃኑ ካብ ጸላኢ ቅኑዕ ትርጉም ይኹን ተግባር ስለ ዘይንጽበ፡ ከምኡ ኢሉ ንዮው ነጆው እናተላኸዐ ከደናግር እንተፈተነ ብዙሕ ዘሻቕለና ኣይከውንን። እቲ ዘተሓሳስብ ብፍላጥ ይኹን ብዘይፍላጥ

*ገለገለ ኣብ ደምበ ተቓውሞ ኮይኖም ከምቲ ኣብ መስርሕ ብረታዊ ተጋድሎ ዝነበረ ኣረዳዳኣታት ጉዕዞ ናይ ናጽነትን ሓርነትን ክልተ መድረኻት መቚሉ ዝርኢ ጉዳይ ናጽነት ምስ ተዛዘመ ናይ ሓርነት መስርሕ ምስ ምህናጽ ሃገር "ሀ" ኢሉ እዩ ዝጅምር ዝብል ኣተሓሳስባ ካብቲ ሕሉፍ ጉዕዞ ብረታዊ ቃልስና ዝተወርሰ ሽዕኡ ዘይተስተኻኸለ ኣሉታዊ ውርሻ ኮይኑ ኣሰራሩ ዘይበለየ ክሳብ ሕጂ ዘንጸባርቕ ዘሎ እዩ እቲ ዘተሓሳስብ።*

*ካብዚ ተረደኦ'ዚ ብምብጋስ ካኣ እቲ ድሕሪ ናጽነት ዝተጀመረ ናይ ሓርነት ጉዕዞ ብዓብይኡ ካብ 1997 ንድሕሪት እዩ እናተሳናኸለ መጺኡ ዝብል ስነ-ሞጎት ክመጽእ'ዩ ኢልካ ብዙሕ ትጽቢት ዘይትገብረሉ ብከምዚ ክቐርብ እንክሎ እዚ ግንዛበ እዝስ ኣብዚ ግዜ'ዚ ንመን እዩ ዘገልግል ዝብል ሕቶ ከልዕል ባህርያዊ እዩ። ኣብ ሕሉፍ ተሞክሮ ጸረ-ባዕዳዊ ተጋድሎ ዋላ እኳ እዚ ኣረኣእያ'ዚ ኣብቲ ግዜ'ቲ ትኽክል ኣይኹን'ዳኣምበር ከም ሓደ ዝንባለ ይቐርብ እንተነበረን ክእረም ዘይተደልየሉ ምኽንት እቲ ልዕል ኢልና ዝገለጽናዮ እዩ። ሕጂ ጸረ-ህዝቢ ዘቤታዊ መግዛእታዊ ስርዓት ህግደፍ ንህዘብና ልዕሊ ርብዒ ዘመን ሓሳረ-መከርኡ ክርኢ ኣብ ዝገበረሉ እቲ ንሱ ነናጽነትን ሓርነትን ዝህቦ ትርጉም  ከም ቅኑዕ ጌርካ ክትጥቀመሉ ምፍታን ንመን እዩ ዘገልግል? ንደሞክራስያዊ ቃልሲ ዘካይዱ'ዶ ወይስ ንደምበ ጸላኢ ኢልና ምስ እንርኢ ንጸረ-ህዝቢ ስርዓት ህግደፍ እዩ ዘገልግል።*

*ምኽንያቱ ካኣ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ምርግጋጽ ናጽነት ኤርትራ ቅኑዕ ደሞክራስዊ ኣመራርሓ እናሃበ ነቲ ቃልሲ ናብ ዓወት ከም ዘብጸሖ፡ ሕጂ ካኣ ምስ ምህናጽ ሃገር መሊኡ ሓርነት እናረጋገጽኩ እኸይድ ኣለኹ እናበለ ክጭርሕ ዝጸንሐን ዘሎን ስርዓት ስለ ዝኾነ፡ ኣዚ ኣብ ዘይለዓቱ ዝቕመጥ ዘሎ ዘይትርጉም ንጠቕሚ ጸላኢ ዝውዕል ኣረዳዳኣታት'ዚ ብፍላጥ ይኹን ብዘይፍላጥ ከም ቅኑዕ ግንዛበ ጌርና ከነቕርቦ ትኽክል ኣይከውንን። ብመሰረቱ ናጽነትን ሓርነትን ከምቲ ልዕል ኢሉ ዝተገልጸ ተነጻጺሎም ዘይከዱ ተማላላእቲ ኮይኖም ከከም ወድዓዊ ኩነታት ናይይ ቃልሲ ዘፍቅዶ፡ ኣብ ጸረ ባዕዳዊ መግዛእቲ ኣብ ዝካየድ ቃልሲ ነቲ ጭቁን ሕብረተ-ሰብ ሓራ ናይ ምውጻእ ዕማም ከምቲ ድሕሪ ናጻ ሃገር ምምስራት እትገብሮ ቃልሲ ዕምቆቱ ዝፈላለ እዩ።*

*ብቑም-ነገር ትሕዝትኡ ግን ካብኡ ተነጺሉ ዘይረአ ጉዳይ ምርግጋጽ ሕቶ ፖለቲካዊ ደሞክራሲ ስለ ዝኾነ፡ ዝኾነ ፖለቲካዊ ምቅስቓስ ይኹን ውድብ ይዕበ ይንኣስ ፍጥር ካብ ዝብል ኣትሒዙ ነዚ ቅኑዕ መትከል እዚ ከተግብሮ ሓደ ካብቲ ቀንዲ ንውሽጣዊ ደሞክራስዊ ኣሰራርሕኡ ዝገዝእ ሕጊ ገይሩ ብምውሳድ እዚ እምነት እዚ ኣብቲ ሕብረተ-ሰብ ክሰርጽ ዝቃለሰሉ ምኽኑ፡ ኣብ ናጻ ሃገር ካኣ ብዝሕሸ ናብ ዝለዓለ ደረጃ እናተሰጋገረ ትካላዊ ቅርጽኡ ሒዙ ዝዓቢ ዳኣምበር ሓርነታዊ ቃልሲ ድሕሪ ናጻ ምውጻእ ሃገር "ሀ" ኢልካ እትጅምሮ መስርሕ ከም ዘይኮነ ምርዳእ የድሊ።*

*ስርዓት ህግደፍ ጉዳይ ሓርነት ኣሸንኳይ'ዶ ድሕሪ ምርግጋጽ ናጽነት ክጅምሮስ  ድሕሪ 30 ዓመት'ውን እንተኾነ ኣይጀመሮን።  ስለ ዝኾነ ካኣ እቲ ድሕሪ ናጽነት ዝተጀመረ ሓርነት ብቐንዱ ድሕሪ 1997 እዩ እናተባላሸወ መጺኡ ዝብል ኣባሃህላ ጽቡቕ ድሌት ዳኣምበር፡ ጃንዳዊ መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ብባህሪኡ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ዘይተዓረየ ድሕሪ ናጽነት ሽዑ-ንሽዑ ክዕረን ናይ ህዝቢ-ሓርነት ከረጋግጽ ክጅምርን ምጽባይ ወይ ተኸእሎ ከም ዝነበረ ምግማት ንደርባዊ ባህሪኡ ብልክዕ ዘይምርዳእ ወይ ካኣ ካብ ናይ ምውልዋል ባህሪ ዝብገስ ናይ በለጽ ዝምባለ እዩ ዝኸውን። ስለ ዝኾነ ካኣ ካብዚ መደናገሪ ግጉይ ተረደኦ ድሒንና ካብ ሕሉፍ ኣሉታዊ ተሞኩሮ ውርሻታት ቃልስና ተማሂርና ሕጂ'ውን ስርዓት ህግደፍ ብምውጋድ ጥራሕ ሓርነት ሕብረተ-ሰብና መሊኡ ከም ዝተዛዘመ ጌርና ከይንወስድ ክንርዳእ ኣለና።*

*ደሞክራስዊ ስርዓተ-ምሕደራ ክረጋገጽ እንገብሮ ቃልሲ ካብ ብሕጂ ብቐዳምነት ንገዛእ ነብስና ብደሞክራስያዊ ኣተሓሳስባ ተሃኒጽና ሕብረተ-ሰብና'ውን ብኡ ክህነጽን ኣብታ ናጻ እትኸውን ሓዳስ ሃገረ-ኤርትራ ንቑሕ ተሳትፍኡ ከረጋግጽን እንተገርና ጥራሕ ኢና ንብዙሕነት ሕብረተ-ሰብና ብደሞክርስያዊ ኣገባብ እናኣተኣናገድና ሃብትን ስልጣንን ሃገር ብማዕርነታውን ፍትሓውን መንገዲ እናማራቓሕና ካብ ድሕረትን ድኽነትን ዝተገላገለት ምዕብልቲ ሃገር ክንሃንጽ እንኽእል። ብዝተረፈ ካብዚ ወጻኢ እቲ ሕሉፍ ውድቀት ናይ ሰውራ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ዘቤታዊ መግዛእቲ ስርዓት ህግደፍ ክሓዊ ምግባር ብስም ናጽነትን ሓርነትን እናሸቀጥካ ብስማዊ ናጽነት ባንዴራ ምንብልባል ዝኾነ ትርፉ፡ ሕጂ'ውን እቲ ጉዕዞ ከምዚ እንተቐጺሉ ውጽኢቱ ወጮ እንተገምጠልካዮ ወጮ ኮይኑ እቲ ወጽዓ ክቕጽል ምግባር እዩ ዝኸውን ዕጭኡ።*

# ናይ ኣንበብቲ ዓምዲ፡

እዚ ዓምዲ'ዚ ካብ ተኻታተልቲ መጽሄት ህዝባዊ ደሞክራሲ ዝሞጹና ብመልክዕ ስዲ ንባብ: ግጥምታት፡ሓጸርቲ ሓተታት፡ ትዕዝብትታት፡ ርእይቶታት፡ ሕቶታት፡ ኣባሃላታት፡ ምሳሌታት፡ ወግዕታት፡ ንቃልሲ ዝሕግዙ ቁም-ነገራዊ ሓዘል ናይ ምሁራንን፡ ዓበይቲ መራሕትን ፍላስፋታትን፡ ብዝተፈላለዩ መልክዕ ዝቐርቡ ምኽርታት፡ ሓጸርቲ መደረታት፡ ትፈልጥዎ'ዶ፡ ዋዛ-ምስ ቁም-ነገር፡ ካብ እንታይ እባሃል እንታይ ይጸሓፍ ክመሓላለፉ ዝድለዩ መልእኽትታት፡ ወዘተ ንዝመጹ ትሕዝቶታት እነተኣናግደሉ ዓምዲ እዩ። ስለዚ ተኻታተልቲ መጽሄት ህዝባዊ ደሞክራሲ ካብዚ ስፍሕ ዝበለ ኣማራጺ ዘለዎ ዓምዲ፡ ነብሲ-ወከፍ ሰብ፡ ከከም ኣፍልጥኡን ዓቕሙን፡ ተዘክሮታቱን፡ ክሳተፍን፡ ናቱ ኣስተዋጽኦ ክገብርን ዕድል ዝህብ ስለዝኾነ፡ ኩሉ ግዱስ ክጥቀመሉ ነዘኻኽር።

ናብ ዝኸበርኩም ኣዳለውቲ መጽሔት ህዝባዊ ደሞክራሲ፡ ሕውነታዊ ሰላምታይ ብምቕዳም፡ ኣብዚ ግዜያት እዚ መንግስቲ ህግደፍ ንሕማም ኮሮና /ኮቪድ 19/፡ ኣመሳሚሉ ካብ ሓገዝቲ ወገናትና /ህዝብና/ ዝራስዮ ዘሎ መጠነ-ብዙሕ ገንዘባውን ነገራውን ሓገዛት ኣመልኪተ ዘዳለኹዋ ሓጻር ጽሑፍቲ እልእከልኩም ኣለኹ'ሞ፡ ሰናይ ፍቓድኩም ኮይኑ ኣብ ናይ ኣንበብቲ ዓምድኹም ከተስፍሩለይ ብትሕትና እላበወኩም።

## ብመንገዲ ህግደፍ ዝግበር ወፈያ ንህግደፍ የኅልብት፡

## ብመንገዲ ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ ዝግበር ወፈያ ጸገም ህዝቢ የቃልል፤

ውልቀ ሰብ ኮነ ህዝቢ ከም ህዝቢ ብሰብ ኣምጸኦ ዲዩ ባህሪያዊ ሓደጋን ለበዳ ሕማምን ተጠቒዮም ናይ ካልእ ደገፍ ኣብ ዝጠልብሉ ወሳኒ ወቕቲ፡ ሰብኣዊ ፍጡር ብምኳንካ ጥራሕ ሰብኣዊ ምድንጋጽ ከተርኢ፡ ክኒዮ ብሓሳብ ምድንጋጽ ብዓቕምኻ ብዓይነት ድዩ ብገንዘብ ክትድግፍ ሕልናኻ ዘዕግብ ቅዱስ ተግባር'ዩ። ሓድሽ ተርእዮ'ውን ኣይኮነን። ብዝበዝሑ ሰባት ብተግባር ክፈጸም ዝጸንሐ፡ ዘሎን ዝቕጽልን ክቡር ተግባር'ዩ። ኣብ ካልእ ርሑቕ ከይከድና ከም'ዚ ሎሚ ዛራጊቶ ህግደፍ ንፋስ ከየእተወልና፡ ናትና ናይ ኤርትራውያን ባህርን ባህልን ከምኡ'ዩ ዘርእየና። ኣብ ኤርትራውያን ናይ ካልኦት ሓገዝ ዘድልዮ ዓይነተ ብዙሕ ጸገማት ከጋጥም ጸኒሑ'ዩ። እቲ ከጋጥም ዝጸንሐ ከቢድ ሰብኣውን ደሞክራስያውን ጥሕሰት ብወሳኒ መልክዑ ሰብ ኣምጸኦ'ዩ። ቅድሚ 1991 ግዳማዊ ሰንሰለታዊ መግዛእታዊ ስርዓታት፤ ድሒሪኡ ኣብ ዘሎ 29 ዓመታት ከኣ ብዘቤታዊ ጸላኢና ጸረ-ህዝቢ ጉጅለ ህግደፍ።

ቅድምን ድሕርን 1991 ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ዝፍጸም ዝነበረን ዘሎን መሰረታዊ ሰብኣዊ ጥሕሰት፡ ከነወዳድሮ ምስ እንፍትን ብመጠኑ ኮነ ብዓይነቱ እቲ ካብ 1991 ንነጀው ዘሎ ዝመረረ'ዩ እንተበልኩ ዘጋንንኩ ኣይመስለንን። ብደረጃ ተደናጋጽነት እንተሪኣናዮ'ውን ቅድሚ 1991 ኤርትራዊ/ት ብጸላኢ ተጋፊዑ/ዓ፣ ተኣሲሩ/ራ፣ ተቐቲሉ/ላ፣ ብጥሜት ድዩ ብሕማም ኣብ ጸገም ወዲቑ/ቓ ...ወዘተ ዝብል ሓበሬታ ኣብ ዝስመዓሉ፡ እንታይ ሃይማኖቱ/ታ፣ እንታይ ብሄሩ/ራ፣ ኣበይ ኣውራጃኡ/ጃኣ ብዘየገድስ ዝነበረ ምድግጋፍ ዜግነታውን ፖለቲካውን ዘይኮነ ናይ ደቂ ሓንቲ ስድራ መልክዕን ቅርበትን'ዩ ዝመስል ነይሩ።

ኣብ'ዚ ዝሓለፈ 29 ዓመት ኣብ ኤርትራ ዝተፈጸመን ገና ዝቕጽል ዘሎን በደል ግን፡ ብዕላምኡ፡ ብዓይነቱ ኮነ ብመልክዑ ዝተፈልየን ዝመረረን'ዩ። ዕላምኡ፡ ከም ህዝቢ ኣምበርኪኽካ ንምግዛእ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ከም ህዝቢ ደው ዘበልዎ ክብርታት ሃሪምካ መንነት ዘይብሉ ህዝቢ ንምግባር ዝዓለመ'ዩ። ዓይነቱ፡ ምስ ፖለቲካን ጸጥታን ዝተኣሳሰረ፡ ኣብ ውልቀ ሰባትን ጉጅለታት ዘነጻጸረ ዘይኮነ፡ ህዝቢ ከም ህዝቢ ምስቓይ ምድካይ ምርዓድ ሰረተ-እምነቱ ዝገበረ ምኻኑ'ዩ። መልክዑ ፈጸምቲ ኢ-ሰብኣዊ ጥሕሰት ኤርትራውያን ተበደልቲ ከኣ ኤርትራውያን ምኻኖም'ዩ። ደረጃ ሰብኣዊ ተደናጋጽነቱን ዜግነታዊ ተገዳስነቱን ድማ ኣዝዩ ብዘሕፍርን ዘደንጹን መልክዑ ብፖለቲካዊ ድሕረት ዝተፈላለየን ሚዛኑ ዝወረደን'ዩ።

ብውጽኢቱ ከኣ ሎሚ ኣብ ኤርትራ ክልተ ደምበ ተፈጢሩ ኣሎ። ብህግደፍ ዝውከል ደምበ ጸላእን ብደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ ዝውከል ደምበ ፈታውን። እዚ ክልተ ደምበ'ዚ ብዕላማ ኮነ ብተግባር ፍጹም ተጻራሪ'ዩ። እቲ ሓደ ዘቤታዊ ገዛኢ ወኪል ውሑዳት ጽግዕተኛ ቢሮክራስያውያን ክኸውን እንከሎ፡ እቲ ካልኣይ ከኣ፡ ህግደፋዊ ግፍዒ ዝወለዶ፡ ወኪል ብዙሓትን ግፉዓትን ኮይኑ፡ ደላዩ ህዝባዊ ሰላም፡ ህዝባዊ ደሞክራሲ፡ ልዕልና ግዝኣተ ሕጊ፡ ህዝባዊ ልምዓትን ዕቤት'ዩ።

ደምበ ህግደፍ ህዝቢ ከም ህዝቢ ዝነበሮ ኣወንታዊ ክብርታት ሰባቢሩ፡ ኣርዒዱ፡ ኣድኪዩ፡ ብፖለቲካዊ ድሕረት ከፋፊሉ፡ ኤርትራዊ ሃገራዊ ስምዒት ኣህሲሱ ኣብ ዘይሕጋዊ ስልጣን ተወጢሑ ናይ ምንባር'ዩ ሕልሙ። ህዝቢ ከም ህዝቢ ሓድነቱ ክሰጥም፡ ዜጋታት ከይተሰኻኸፉ ተሓቛቝፎም ብስኒት ኣብ ሃገሮም ክነብሩ፡ ብትምህርትን ስራሕን ካብ ድሕረትን ድኽነትን ክወጽኡ፡ ከቢድ ጸገም እንከጋጥም ከኣ ክደጋገፉ ድሌቱ ኣይኮነን። ዜጋታትን ህዝብታትን እንተተፋቂሮም፡ ካብ ድሕረትን ድኽነትን ዝወጽእሉ መሰረተ ዕቤት እንተንጺፎም ቅሳነት ስኢኑ ዝሓድር ሓሳድ ጸላኢ'ዩ። ስለዝኾነ ድማ፡ ንህዝቢ ዘምበርክኽ ዓጸቦን ለበዳ ሕማምን እንከጋጥም ከም ፖለቲካ ስልጣን ዝሓዘ ሓይሊ ዘጨንቖ ዘይኮነስ፡ ብኣንጻሩ ኣፎይታ ዝስመዮ ጸረ-ህዝቢ ጉጅለ'ዩ። እዚ ናተይ ባዕላዊ ገምጋም ወይ ተራ ጸለመ ኣይኮነን፤ ብተግባር ኣብ ባይታ ዝፍጸም ዘሎ ሓቂ'ዩ።

ደምበ ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ ግን፡ ምስ ኩሉ ብቃልሲ ክመዓራረ ዘለዎ ናይ ባህርን ዓቕምን ድሩትነት ብእምነትን ዕላማን ብሕሰም ህዝቢ ዝግደስ ዝቖንዞ፡ ዘቤታዊ መግዛእቲ ህግደፍ ካብ እንግድዓ ህዝቢ ደርብዩ፡ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ቅዋም ዝትከለሉ፡ ህዝባዊ ልኡላውነትን ሃገራዊ ልኡላነትን ምሉእ ንምሉእ ዝኽበረሉ ጥጡሕ ፖለቲካዊ ደሞክራስያዊ ባይታ ንምፍጣር ዝቃለስ ደምበ'ዩ። ክብረት ግኡዝ መሬት ዘይኮነ፡ ድሕነት ህይወትን ሰብኣዊ ክብረትን ሰብ ዘቐድም ሓላፍነታዊ ደምበ'ዩ። ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘሎ ህዝቢ ብዘስመዮ ዘሎ ቃንዛ ሓቢሩ ዝቕንዞ፣ ብስደትን ሳዕቤናት ስደት ዝጭነቕ፡ ብዓቕሙ ኣመት ኣብ ጸገም ዝወደቑ ዜጋታቱ ዝገብር፡ ንምድሓኖም ዝጽዕር ህዝባዊ ሓልዮትን ሓላፍነት ዘለዎ ደምበ'ዩ።

ሎሚ ብደረጃ ሃገር ዘይኮነ ብደረጃ ዓለም መድሓኒት ዘይተረኽቦ ሃንደበታዊ ቀታሊ ሕማም ኮሮና (ኮቪድ 19) ንምምካት ህዝብን ሃገርን ዝመርሑ ሓላፍነት ዝስመዮም መንግስታት፡ ህይወት ዜጋታት ካብ መልከፍትን ሞትን ንምድሓን ክጭነቑ፡ ክዛተዩ፡ ፍሉይ ባጀት ሰሊዮም ላዕሊ ታሕቲ ክብሉ ንዕዘብ ኣለና። ኣብ ኢዶም ዘየለ መሳለጥያ ካብ መሻርኽቶም ድጋፍ ክሓቱ፡ ኣብኦም ዘሎ ድማ ንካልእ ብምክፋል ኣብ ዝረባረብሉ ዘለው ኣዝዩ ፈታንን ኣሰካፍን ወቕቲ፡ ጉጅለ ህግደፍ ኣይኮነን ሓላፍነት ተሰሚዕዎ ክጭነቕ፡ ወግዓዊ ባጀት ሰሊዑ ኣመታት ዜጋታቱ ክገብር፡ ኩሉ ወጻኢታቱ ሸፊኖም ኣብ መዓርፎ ነፈርቲ ሰንበል መጺኡ ተረከበና ዝበልዎ ናውቲ ሕክምና ብምሕሳም ሓቀኛ መንነቱ ዘረጋገጸ ጸረ-ህዝቢ ጉጅለ'ዩ።

ኣቐዲሙ'ውን ብተግባር ብዝንበብ ፖሊሲ ተኲስካ ቅተል፣ ኣድኪኻን ከፋፊልካን ግዛእ ስትራተጂ ከም ዝምራሕ፣ ብስም ስድራ ስውኣት፡ ምኽባር ልኡላውነት ሃገር፡ ድራር ሓይልታት ምክልኻል፡ ቦንድን ካልእን ብውድን ብግድን ዝኣከቦ ዶላር ኣብምንታይ ከምዘውዓሉ ፍሉጥ'ዩ። ስለዚ ሎሚ ብጉባብ ምክልኻል ለበዳ ሕማም ኮሮና (ኮቪድ 19) ብስም ደገፉ ንጽጉማት ብናቱ ጎስጓስን ብመንገዱ ዝግበር ዓይነታውን ገንዘባውን ወፈያ፡ ንህግደፍ ዘጎልብት ሕሰም ኤርትራውያን ድማ ዘናውሕ ከም ዝኾነ ንምግማቱ ኣየጸግምን። ንካሜራ ኣብ ዝጥዕም ቦታ እኽሊ ብኩባያ እናሰፈርካ፡ 500 ናቕፋ 1000 ናቕፋ ኣብ ጣውላ ዘርጊሕካ ብሰንኪ ህግደፍ ዝደኸዩን ኣብ ተጸባይነት ዝወደቑን ወገናት ግዱድ ምስጋና ከቐርቡ ብምግባር ንሰምዮን ንሪኦን ዘለና ከም ህዝብን ሃገርን ዘሕፍርን ደረጃ ውድቀትና ዝሕብርን ሕሱር ፕሮፖጋንዳ'ዩ ዝብል ርእይቶ ኣለኒ። ብመንገዲ ህግደፍ ዝወሃብ ንህግደፍ 'ምበር ኣብ ጽጉማት ወገናት ከምዘይበጽሕ እኹል ተመክሮ እናሃለወ ከምኡ ምግባር ንገዛእ ርእሱ ዘመጉስ ዘምስግን ዘይኮነ፡ ዘውቅስ ዘሕትት'ዩ።

ብመንገዲ ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ ዝግበር ደገፍን ወፈያን ግን ይብዛሕ ይውሓድ፡ ኣብ'ቲ ዝተመደበሉ ቦታ በጺሑ ኣይበጽሐን፡ ደገፍ ዘድልዮም ወገናት ተረኪበሞ ኣይተረከብዎን፡ መቆጻጸሪ መስኖኣዊ ኣሰራርሓ ዘለዎ ብምዃኑ፡ ተጠናኺሩ ክቕጽል ክተባባዕ ዘለዎ'ዩ። ሎሚ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘሎ ይኹን ኣብ ሃገራት ስደት ዝነብር ህዝብና ዝበዝሕ ደገፍ ዘድልዮ ከም ዝኾነ ኣይካትዕን። ሓገዝ ክትገብር ከተወፊ እንከለኻ ንመን? ብመንገዲ መን? ብኸመይ? ኣብ ጸብጸብ ምእታው ኣገዳሲ'ዩ። ለበዳ ሕማም ኮሮና ምምጽኡ ንህግደፍ እፎይታ'ምበር ዘሻቕል ኣይኮነን። ህግደፍ ብስቓይን ሞትን ህዝቢ ዝፍሳህ ቀታሊ'ዩ። ክትቆጻጸሮ ዘይትኽእል ብመንገዱ ዝግበር ወፈያ ድማ፡ "ንኽልቢ ብእግርኻ ምህራምሲ እንካ ስጋዩ" ዝብል ምስላ'ዩ ዘዘኻኽረና።

ስለዚ ኣብ'ዛ ጸባብ መድረኽ ደገፍ ንዘድልዮም ወገናት ወፈያ ንዝገብሩ ወገናት ልዑል ምስጋና ኣለኒ። ብኸመይ ዝብል ኣብ ግምት ብምእታው ድማ ክቕጽል ይግባእ። ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ካብ ዝተፈላለዩ ግዱሳት ወገናት ብዝተወፈየ ገንዘብ ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ዝተፈላለዩ መዓስከራት ዝርከቡ ኣዝዮም ዝተሃስዩ ወገናት ከም ዝተዓደለ ብማዕከናት ዜና ሰሚዐ። እዚ ከም'ዚ ዓይነት ሰብኣዊ ሓልዮትን ዜግነታዊ ሞራላዊ ግዴታን ዘበገሶ ወፈያ ብዝተወደበ ኣገባብ ቀጻልነት ክህልዎ እላቦ። ብመንገዲ ህግደፍ ዝግበር ወፈያ ንህግደፍ ከም ዘጎልበት፡ ብመንገዲ ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ ዝግበር ወፈያ ጸገም ህዝቢ ከም ዘቃልል ግን ክዝንጋዕ የብሉን።

ሮቤል በርሀ፡ ካብ ደቡብ ኣፍሪቃ፡

ናብ ዝኸበርኩም ኣዳለውቲ መጽሔት ህዝባዊ ደሞክራሲ፡ ሕውነታዊ ሰላምታይ ብምቕዳም፡ ኣብዚ ግዝያት እዚ መንግስቲ ህግደፍ "ወያነ ዝሓዞ መሬትና ከነምልሶ ኢና" ዝብል ዘንጸባርቕ ዘሎ ናይ ሓሶት ጎስጓስ ኣመልኪተ ዘዳለኹዋ ሓጻር ደብዳበ እልእከልኩም ኣለኹ'ሞ ዝካኣል እንተዳኣኮይኑ ኣብ ዓምዲ ደብዳቤታትኩም ከተስፍሩለይ ብትሕትና እሓትት፡

## "ወያነ ዝሓዞ መሬትና ከነምልሶ ኢና" ዝብል ናይ ህገደፍ ቴማ፡

## ህዝብታትና ንምድንጋር ዝተታሕዘ ልሙድ ናይ ሓሶት ጀሆ ካርድ ኢዩ፤

ጨቆንቲ ስርዓታት መንግስቲ ህግደፍ ሓዊስካ፡ ዕድመ ስልጣኖም ንምንዋሕ ክብሉ ካብ ዝጥቀምሎም ሜላታት ሓደ ጉዳይ ዶብ እዩ። ሕቶ ዶብ መፍለዪ ግዝኣታዊ ወሰን ናይ ሃገራት ከም ምዃኑ መጠን፡ ኣብ ኩሎም ሃገራት እኳ እንተዘይኮነ ኣብ ዝተወሰና ሃገራት ኣዛራብን ኣሳሓሓብን ኮይኑ እዩ ዝረአ። ብፍላይ ካኣ ከም መንግስቲ ህግደፍ ዝኣመሰሉ ጸረ-ህዝብን ጸረ-ደሞክራስን ዝኾኑ ጨቆንትን መስፋሕፋሕትን ስርዓታት፡ ሕቶ ዶብ ኣዛራቢ ኮይኑ ትኹረት ክስሕብ ብምግባር ብቀጻሊ ክጥቀምሉ እዮም ዝራኣዩ። እዚ ጥራሕ ዘይኮነ ብሕጊ ናይ መወዳእታ መዕለቢ ረኺቡ ከይፍታሕ'ውን ነገራት እናሓላለኹ ሕቶ ዶብ ናይ ምስሕሓብ ቀጻሊ ኣጀንዳ ክኸውን'ውን እዮም ዝጽዕሩ።

ዕላማ ናይዚ ካኣ እቶም ጭቆንቲ መንግስታት ምስ ህዝብታቶም ዘለዎም ኣብ ጭቆናን ምዝመዛን ዝተሰረተ ዝምድና ቀዳማይ ቦታ ሒዙ ኣብ ግርጭት ንከይኣትዉን ህዝቢ ኣንጻሮም ዓመጽ ንከየኣካይድን፡ ምስ ገለ ካብተን መዳውብቲ ዝኾና ሃገራት ቀጻሊ ምትኹታኹን ግጭታትን ክህሉ ብምግባር እቲ ጭቁን ህዝቦም ካብ ጭቆና ንክወጽእ ዘበግሶ ቃልሲ ብስም "ልዑላውነት ሃገርና ተደፍረ" ዝብል መርሖ እናዘሓሓሉ ናብ ግዳም ዘቕነዐ ኣቓልቦን ቃልስን ከካይድ ዘገድድ ፖለቲካዊ ኩነታት ብምፍጣር ስለ ዝጥቀምሉ እዩ።

ኣብ ጉዳይ ሃገርና መጺእና ተሞኩሮ ሃገርናን ጎረባብትናን ክንርኢ እንከለና ድማ፡ ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ንጉዳይ ዶብ ክሳብ ክንደይ ንጉጅላዊ ረብሓኡን መናውሒ ዕድመ ፖለቲካዊ ስልጣኑን ይጥቀመሉ ከም ዘጸንሐን፡ ካብቲ ምስ የመን፡ ጅቡትን፡ ኢትዮጵያን "ምስዘን ሃገራት እዚኣተን ዝተረፈ መሬት ኣለና" ብዝብል ምስምስ ናይ ህዝብታትና ንጹህ ሃገራዊ ስምዒት ብምምዝማዝ ከካይዶ ዝጸንሐ ግርጭታት፡ ኣብ ህዝብታትናን ህዝብታት ናይዘን ዝተጠቕሳ ሃገራትን ዘወረደ ሰብኣውን፡ ማተርያላውን ቁጠባውን ክሳራታት ኣዝዩ ከቢድ እዩ። እዚ ጥራሕ ዘይኮነስ እቲ ተርእዮ በዚ ከሳራ እዚ ከየብቀዐ ሕጂ'ውን መንግስቲ ህግደፍ ጉዳይ ዶብ ከም መመሳመስን ሽፋንን እናተጠቕመ ይቕጽለሉ ምህላዉ ናይ ኣደባባይ ሚስጢር እዩ።

ንኣብነት፡ ምስ ጅቡቲ ብተበግስኡ ዝተኻየደ ሓሶት ብሕግን ብሰላምን ፍጻመ ንከይረክብ ብኣብያ ይቕጽል ምህላዉ። ምስ የመን ዘካየዶ ሓሶት ብሕጊ ተረቲዑን ተወሲኑን እናሃለወ ሐጂ'ውን ናይ ምትኹታኽ ተግባራቱ ገና መሊኡ ጠጠው ዘየበለ ምዃኑ፤ ምስ ኢትዮጵያ ዝጸንሐ ጉዳይ ዶብ ዝምልከት'ውን እንተኾነ ብሰላምን ብሕግን ናይ ምፍታሕ ጉዳይ ንጎኒ ብምግዳፍ፡ ካልኦት ሕቡኣት ድልየታቱን ጠቕምታቱን ብምቕዳም፡ ክሳብ ንሃገራዊ ልዑላውነትና ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ኣንፈትን ኣካይዳን እዩ ክነጣጥፍ ጸኒሑን ዘሎን። ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ድማ ዘተ ሰላም ኤርትራን ኢትዮጵያን ቅልጡፍ ረብሕኡን ረብሓ ለኣኽቱን ምድንጓይ ኣብ ዝረኣየሉ ዘሎ ኩነታት ድማ፡ ጉዳይ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ከም መጎሳጎሲ ኣጀንዳ ብምጥቃም ከምቲ ዘተለመደ ኣቓልቦ ህዝብታትና ናብ ግዳም ክቐንዕ ንምግባር ኣብ ምርብራብ እዩ ዝርከብ ዘሎ።

መንግስቲ ህግደፍ ሽግር ዶብ ናይ ብሓቂ መፍትሒ ክረክብ ዝደሊ እንተዝኸውን ነይሩ በቲ ናይ ዶብ ኮሚሽን ዝወሰኖ ሕጋዊ ውሳነ መሰረት ብምግባር፡ ኣብ ባይታ ብምውራድ ብሕግን ዘተን መዕለቢ ክረክብ ምግባር ቅድም'ውን ዘጸግም ነገር ኣይነበሮን። ህግደፍ ግን ሽግር ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ሕጋዊ መዕለቢ ረኺቡ፡ ዝምድና ክልቲአን ሃገራት ዝመሓየሸሉን ክልተኣዊ ጠቕምታት ዝረጋገጸሉ ኩነታት ክፍጠር ብባህሪኡ ስለ ዘይድግፍ ንዓሰርተታት ዓመታት፡ ናይ "ኣይሰላም ኣይሓሶት" ኩነታት ተፈጢሩ ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ዘሕለፉዎ መሪር ኩነታት ከዊልካ ዘይክወል ሓቂ እዩ። መንግስቲ ህግደፍ ናይ ዶብ ሽግር ብሕግን ሕግን ጥራሕ ክፍታሕ ዝኣምንን ዝደልን እንተዝኸውን ነይሩ፡ ስምምዕ ሰላም ኤርትራን ኢትዮጵያን ክጅመር እንከሎ ንሕቶ ዶብ ከም ሓደ ኣገዳስን ዓብን ሃገራዊ ዛዕባ ወሲዱ ቀዳምነት ተዋሂቡዎ ክዝተየሉን መፍትሒ ክረክብን ክገብር ነይርዎ እዩ።

*ህግደፍ ግን ነዚ ኣገዳሲ ጉዳይ እዚ ኣወንዚፉ፡ ናብ ካልኦት ምስጡራት ኣጀንዳታቱ ንምርግጋጽ "ሕቶ ዶብ ኣየባኣሰናን ሕጂ'ውን ዝሕዘና ነገር ኣይኮነን" እናበለ ንህዝባውን ሃገራውን ልኡላውነትናን ክብርናን ኣብ ዋጋ-ዕዳጋ ዘእትዉ መግለጺታት እናሃበ ኣሰካፊ ኣንፈት ብምሓታል'ዩ ክንዓዝ ዝመረጸ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ድማ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ክረጋገጹሉ ዝደልዮ ዝነበረ ምድኻማት ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ካኣ ናይ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ፡ ብስሉጥ ይረጋገጽ ብዘይምኽሉ፡ ባህግታቱ ከይስእን ካብ ዝሓደሮ ስግኣት ተበጊሱ " ወያነ ኣብቂዑ እዩ፡ ሕቶ ዶብ ዘባእስን ዘሰሓሕብን ኣይኮነን" ይብል ከም ዘይነበረ፡ "ወያነ ዝሓዞ መሬትና ከነምልሶ ኢና" ዝብል ፖለቲካዊ ጭርሖ ብዘይምቁራጽ ከስምዕን ከለዓዕል ንርእን ንሰምዕን ኣለና።*

*ኣብዚ ከነቃልበሉ ዘለና ነጥቢ እንተሃለው፡ ህግደፍ ዘልዕሎ ዘሎ ሕቶ ዶብ ናይ ብሓቂ ብሕጋውን ሰላማውን ኣገባብ ዘላቒ መፍትሒ ክረክብ ኢሉ ዘልዕሎን ዝጉስጉሰሉን ዘይኮነስ፡ እንታይዳኣ ንመናውሒ ዕድመ ስልጣኑን ንከረጋግጾ ዝደሊ ሓለፉ ፖለቲካውን ቁጠባውን ረብሓታት መጥቀምን መሓለዉን ኢሉ ጥራሕ ዘልዕሎን ዝጉስጉሰሉን ምዃኑ ምግንዛብ ኣድላዪ እዩ። ምኽንያቱ ህግደፍ ኣብ 1998 ብዛዕባ ሕቶ ዶብ ምስ ኢትዮጵያ ብሰላማዊ ኣገባብ ንክፍታሕ ኣብ ክልታኣዊ ዘተ ምስተኣትወ ፖለቲካውን ቁጠባውን ጠቕመይ ከስእነንን ክድንጉየንን እዩ ብምባል፡ መስርሕ ዘተ ኣቋሪጹ ናብ ደማዊ ወግእ ክኣቱ ስለ ዝምረጸ። ብተወሳኺ ናይ ዶብ ኮሚሽን ኣብ ጉዳይ ዶብ ውሳነ ምስ በየነ፡ "ኢትዮጵያ ካብ ዝሓዘቶ መሬትና ከይሰሓበት ንዘተ ኮፍ ኣይብልን" ዝብል ኣብያ ብምምራጽ፡ ንህዝብታትና ጀሆ መትሓዚ መሳርሕን ንዕድመ ስልጣኑ መናውሕን ተጠቒሙሉ እዩ። ብምዃኑ ድማ'ዩ ንከባቢ 16 ዓመታት ዝኣክል ናይ ኣይሰላም ኣይዅናት ኩነታት ክፍጠር ብምግባር ዘይርሳዕ ኣሉታዊ ተራ ተጻዊቱ እዩ።*

*ሕቶ ዘተ ሰላም ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ ዝተጀመረሉ ግዜ ካኣ፡ ብሕጊ ዝብጻሓና መሬት ከም ዘሎ ኣመልኪቱ ትንፍስ ከይበለ፡ ናብ ካልኦት ዘገድስዎ ሕቡኣት ኣጀንዳታት ንምዕዋት እዩ ዝነጠፈ። ስለዚ ህግደፍ ሕቶ ዶብ ብሕጊ መፍትሒ ክረክብ፡ ሃገራዊ ልዑላውነትና ዝተሓንጸጸ ዶብ ክህልዎ ንምግባር ዝዓለመ ዘይኮነስ፡ ከም መሳርሒ ስዉራት ዕላማታቱን ጠቕምታቱን መሳርሕን መሳለጥን ገይሩ ዝጥቀመሉ ምዃኑ ጭቡጥ ሓቂ እዩ። ብምዃኑ ድማ እዚ ሕጂ ኩሎም ምስጡራትን ግሉጻትን ዕላማታቱ ኣብ ኢትዮጵያ ምስላጥ ምስ ኣበይዎን ምልክት ፍሽለቱ ክቀላቐል ኣብ ዝጀመረሉን ኩነታት "ወያነ ዝሓዞ መሬትና ከነምልሶ ኢና" ዝብል ቴማ ደጋጊሙ ዝጉስጉሰሉ ዘሎ'ውን እንተኾነ መቐጸልታ ናይ ዝሓለፉ ጸረ-ህዝብን ጸረ-ደሞክራስን ልዑላውነትናን ዝኾነ ጭርሕኡ'ምበር፡ ከልእ ዝጭበጥ ንህዝብና ዝጠቅም ጨርሖን ዕላማን ዘለዎ ኣይኮነን ጥራሕ ዘይኮነስ ሕቶ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብመሰረት ውሳነ ኮሚሽ ዶብ ብሕግን ሰላማዊ ዘተን መዕለቢ ዝረክብ ዳኣምበር ንምስጡራት ዕላማታት ናይ ህገደፍ ሽፋን ብምዃን ክለዓልን ክጉስጎሰሉን ዝግባእ ኣይኮነን እየ ዝብል።*

*ስለዚ ሓፋሽ ህዝብትናን ተቓለስቲ ኣካላቶምን ናይ ህግደፍ ናይ ጽልእን ምትንኻላትን ሃገራዊ ሰራዝነት ኣንፈቱን ፍሉይ ትኹረት ብምሃብ፡ እዚ ዘካይዶ ዘሎ ጎስጓስ ናይ ህዝብታትና ቀልብን ሃምን ከምቲ ዝተለመደ ንምጥምዛዝን፡ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ሓርነታዊ ቃልስና ኣቓልቦ ክስእንን ናብ ግዳም ከቕንዕን ብምግባር ኩሉ መዕነዊ ዕላምኡን ሃገራዊ ሰራዝነት ዕማሙን ንስላጥን፡ ዕድመ ስልጣኑ ንምንዋሕን ክብል ዘልዕሎ ዘሎ መደናገሪ ጭርሖ ምዃኑ ፈሊጥና ብትዓት ክንገጥሞን፡ ንምፍሻሉ ክንቃለስን እዩ ዝግባኣና። ኣብዚ ከይተደረትና፡ ኣረሜናዊ ስርዓት ህግደፍ ንሓንሳብን ንሓዋሩን ብሕቡር ቃልስና ኣወጊድና፡ኣብ ቦትኡ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ መንግስቲ ብምምስራት ተጠቀምቲ ናይ ሰላም፡ ደሞክራስን፡ ልምዓትን ንምዃን ሃገራዊ ዓቕምታትና ብግቡእ ወዲብናን ኣወሃሂድና ኣብ ቃልሲ ንረባረብ በሃሊ እየ።*

*መርሃጼን ክብረኣብ፡*

*ኬንያ ናይሮቢ፡*